# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.207 | ሓሙስ 30 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ቻይና፡ ካብ ፍወሳ ብነውጺ ከመይ ኣምለጠት፧

ገጽ 4
ዝኽሪ ሚያዝያ



ገጽ 5
ሰለስተ መፍትሕ ዓወት



ገጽ 8
"ንሓዘንና፡ ብዕርቂን ምሕረትን ክንድብሶ ኢና" •••



ገጽ 11
ዋንጫ ናጽነት ቅድድም ብሽክለታ ደቀምሓረቀጺሉ



# ቦርድ ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ንገስጋስ ስራሕ ዝድህስስ ርክብ ኣካዪዳ


ስእሊ. ሳሚኤል ንጉስ




ቦርድ ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ - ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ምስ ውዳበታት ሃማደኤ ኣብ ሚኒስትሪታት፡ ትካላትን ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ዞባ ማእከልን፡ ብ28 ሚያዝያ ንገስጋስ ስራሕ ዝድህስስ ርክብ ኣካዪዳ።

ሓላፊት ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኤልሳ ወልደጋብር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ሃማደኤ - ንቕሓትን ውዳበታትን ደቂኣንስትዮ ንምብራኽ ከምኡ'ውን መኹብቦርኣን ንምምሕያሽን ምዕሩይ ተሳታፍነተን ኣብ ስራሕ ንምርግጋጽን ዘተባብዕ ስራሕ ይዓምም ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሃገራውን ሰውራውን ኩበሪታት ናብ ወለዶታት ኣብ ምስግጋር፡ ኣባላት ማሕበር ተራአን ከዕዝዛ ተማሕጺና።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ጸብጻብ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ክቐርብ ከሎ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታት፡ ከምኡ'ውን ምብራኽ ኩሉመዳያዊ ንቕሓትን ተሳትፎን ደቂኣንስትዮ ዝተዓመ መደባት ጽቡቕ ገስጋስ ከምዘርኣየ ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዘካየድኦ ዘተ፡ ኣብ ንቕሓትን ውዳበን ዝተኩረ ንጥፈታት ዓይነታውን ጸላውን ንምግባሩ ብዕቱብ ክሰራሕ፣ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ናብ ዕበየትን ብራኸን ዘሰጉም ሓሳባት ብምንቃል ንምስማሩ ክሰርሓ፣ ኣብ ስራሕ ተዋፊረን ዘለዋ መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ንዝተዋህበን ዕዮ ብሓላፍነት ከተግብራን ጎዳኢ ልምድታት ንምግታእ ብዝለዓለ ክሰርሓን ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሐን።

ቦርድ ሃማደኤ ንዝቐረበ ጸብጻብ ብምግንዛብ፡ ኣብኒታውያን ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ንምምልማል ዝካየድ ጎስጓሳት ብዝለዓለ ክስራሓሉ ጸዊዐን።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኣለም በላይ ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ሓለፍቲ ቦርድ ኣብ ዕማማተን፡ ኣብ ንቕሓት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ኣተኩሮ ብምግባር ብዝለዓለ ክሰርሓ ኣዘኻኺራ።

# ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ንነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ ገብረሚካኤል፡ ብ23 ሚያዝያ ንነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ማእከል ከተማ፡ ጎዛ-ባንዳን ኣርባዕተ-ኣስመራን ሰሚናር ኣካዪዱ።

እቲ ሰሚናር፡ ኣብ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ፖሊስ፡ ምክልኻል ገበን፡ ከምኡ'ውን ብመንእሰያት ኣብ ዝዝውተር ገበናትን ካልእን ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ብደረጃ ዞባ ዝተመዝገበ ገበናትን በደላትን፡ ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን፡ ብመርመራን ምትሕብባር ህዝብን ዝተቓልዐ ጉዳያት ዝምልከት ብኣሃዝ ኣሰኒዩ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዘቕረበ ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ፡ ብዘይ ምትሕብባር ህዝቢ ንጥፈታት ፖሊስ ኣድማዕነት ክህልዎ ስለዘይክእል፡ ሕብረተሰብ ምትሕብባሩ ከዕዝዝ ጸዊዑ።



ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 97፣ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ናይ 2026 ድማ 9 ፈጸምቶም ከይተለለዩ ዝጸንሑ ገበናት፡ ብሓያል ጻዕሪ መርመራትን ብምትሕብባር ህዝብን ተቓሊዖም ናብ ሕጊ ከምዝቐረቡ'ውን ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ሰሚናራት ብቐጻሊ ክካየድ፣ ብመራሕቲ ብሽክሌታ ዝፍጸም ጥሕሰት ሕጊ መግትኢ ክግበረሉ፣ ፖሊስ ትራፊክ ምቁጽጻሩ ክሐይል፣ ከምኡ'ውን ንገበነኛታት ዝብዮን ሕጋዊ መቕጻዕቲ ኣራሚ ክኸውን ተላብዮም።


ስእሊ. ዮሃንስ መብራህቱ

ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ምሕያል ኣፍራይነት ዘተኰረ ዓወደ-ዘተ ተኻዩዱ



ንኮሰኤ ጨንፈር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ብምኽንያት ሓደ ግንቦት - ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ምሕያል ኣፍራይነት ዘተኰረ ዓውደ-ዘተ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ትርጉም ኣምር ኣፍራይነት፡ መዐቀኒታት ኣፍራይነት፡ ኣፍራኑት ንምድንፋዕ ዘሕግዘ ረቛሒታት፡ ከምኡ'ውን ምስራጽ ባህሊ ዓያይነት ኣብ ቦታ ስራሕ ብዝዝበል ኣርእስትታት መግለጺ ቀሪቡ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሑሴን ኻልድ ብወገኑ፡ ተራ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ኣብ ምዕባይ ኣፍራይነት፣ ኣፍራይነት ኣብ ምዕቃንን ምሕያልን ዝርአ ብደሆታትን መፍትሒታቱን፣ ተራ ምብህሃል ኣብ ኣፍራይነት፣ ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ቴክኖሎጂ ንምድንፋዕ ኣፍራይነት ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ ሆስፒታል ዓሰብ ንዝርከባ ሓራሳት ናይ ናውቲ ጽሬት ደገፍ ገይረን።

# ማእከል - ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ስልጠና ቋንቋ ምልክት ሂቡ



ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት፡ ስልጠና ቋንቋ ምልክት ሂቡ።

ብ28 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ዳኒኤል ጉብረማርያም፡ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ጽሙማን ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብሓፈሻ ትካላት ጥዕና ድማ ብፍላይ ጉዳዮም ተሰሚዑ ስሉጥ ኣገልግሎት ንክረኽቡ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ብግብሪ ክሰርሕሉ ኣዘኻኺሩ።

ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ቋንቋ ምልክት ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ ምብህሃል ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ከምዘሰርሕሉ ቃል ኣትዮም።

ኣሰልጠንቲ ድማ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ግዜኦም ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ንሕብረተሰብ ዘገልግል መደባት ክሕልፍዎ ኣዘኻኺሮም።

# ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዘሰልጠኖም ሰራሕተኛታት ኣመረቐ



ህግደፍ ዞባ ጋሽባርካ፡ ውድባውን ፖለቲካውን ስርሓቱ ብምስፋሕን ብምሕያልን ኣፍራይነት ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ ጉጅለታት ህግደፍን ሰራሕተኛታት ካልኦት ኣካላትን ድማ ብፍላይ ንምዕባዝ ዝወደቦ ስልጠና ማሕበራዊ ስነፍልጠት፡ ብ28 ሚያዝያ ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ካብ 19 ክሳብ 28 ሚያዝያ ኣብ ባረንቱ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ካብ 15 ንኡሳን ዞባታትን ጨንፈር ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ዝተዋጽኡ 68 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 129 ሰራሕተኛታትን ኣባላት ጉጅለታት ህዝብን ከምእተሳተፉ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ጋሽባርካ ኣቶ ኣሕመድ ጣሀር ገሊጹ።

እቲ ስልጠና፡ መሰረታዊ ስነ-ሓሳብ ፖለቲካ፣ ኣድላይነትን ግደን ውዳበ፣ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት፣ ሃገራዊ ቻርተር፣ ውድባዊ ስርዓትን ማሰጋገሪ ቅዋምን፣ ሃገርን ሃገራውነትን፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነታትን መኸተን፣ ሃይማኖታዊ ጥናፍነት፣ ተራ መንእሰያትን ደቂኣንስትዮን ኣብ መኸተን ልምዓትን፣ ከምኡ'ውን ካልእ ኣርእስታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ሰልጠንቲ ነቲ ብኽልሰ-ሓሳብ ዝተማህርዎ ብግብሪ ክሰርሑሉን ኣርኣያ ክኾኑን ትጽቢት ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ መወዳእታ፡ ንተራን ተሳትፎን ደቂኣንስትዮ ኣብ ምሕያል ማሕበራውን ፖለቲካውን ውዳቤታት ብምምስጋን፡ ሰልጠንቲ ኣብ ምጥፋእ ጉዳእቲ ልምድታት፡ ተጠቃምነት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ከምኡ'ውን ምድንፋዕ ልምዓታዊ መደባት መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ቀጽሪ መዕቆቢ ሆስፒታል ባረንቱ ወፈራ ጽሬት ኣካዪዶም።

# ተሰነይ - ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ምክልኻል ገበን ተርእን ከዕዝዛ ጻውዒት ቀሪቡ

ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ምክልኻል ገበን ተርእን ከዕዝዛ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ካፒተን ዓብደኑር ሸሪፍ ጸዊዑ።

ብ25 ሚያዝያ ምስ ወነንቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ካፒተን ዓብደኑር፡ ሰላምን ጸጥታን ዜጋታትን ኣከባብን ምውሓስ ካብ ቀንዲ ተልእኾ ፖሊስ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ተልእኾ'ዚ ብዘይ ናይ ህዝብን ትካላትን ተሳትፎ ኣድማዕነት ስለዘይህልዎ፡ ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ከሐይሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ 54 ገበናትን 219 በደላትን ከምእተመዝገበ፣ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ዘጋጠመ 50 ሓደጋታት ትራፊክ - ሓደ ሞት፡ 49 መቑሰልትን 597 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ክሳራ ኣብ ንብረትን ከምዝወረደ ገሊጹ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ሮመዳን ዑመር ብወገኑ፡ ብትካላት ዝርአ ጉድለታት ድሕሪ ምዝርዛር፡ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ክኽተላ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ጸጥታ ከባቢኦም ንምውሓስ ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ከምዘሐይሉ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ዘይተወድኡ ህንጻታት ቁላሕታ ክግበረሉ፣ ከምኡ'ውን ዝተፈቕደለን ሰዓታት ኣገልግሎት ዘህባ ትካላት ድማ ኣራሚ ስጉምቲ ክውሰደለን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንታሪ |
| 16:05 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:20 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ኩበረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን



ተስፋት ሓጐስ

## ቻይና፡ ካብ ‘ፍወሳ ብነውጺ’ ከመይ ኣምለጠት፧

ራብዓይ ክፋል

ፍወሳ ብነውጺ፡ ብምዕራባውያን መንግስታትን ትካላትን ዝተኣመመ፡ ንቑጠባዊ ኣካይዳ ዘይምዕራባውያን ሃገራት መሺጢ ዋጋታት ብምሉእ ናጽነት ዝወሰኑሉ ባይታ ብሓንቲ ወሰታ ከጥጥሕ፡ መንግስታዊ ዋንነት ዋኒን ናብ ብሕቲ ከሰጋግር፡ ንግድ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ናጽነት ክኸይድ ከምኡ'ውን መንግስቲ ተራር ገንዘባውን ፊስካላውን ፖሊሲታት ብምትግባር ምርግጋእ ክፈጥር ዘሰገድድ'ዩ። ትግባረ ናይዚ እማመ ድማ ኑተን ሃገራት ቁጠባዊ ዕብየትን ምዕባለን ከምዘምጽኣለን የረጋግጽ። ተመክሮ ሃገራት ዘረጋግጾ ውጽኢት ግና ኣንጻር ናይዚ'ዩ። ሰቑጠበኛ ኢዛቤላ ወበር ‘ሃው ቻይና ኢስኬይፕድ ዘ ሾክ ተራፒ’ ኣብ ትብል መጽሓፉ ካብ ዘሰፈረቶ ትሕዝቶ ድማ ይስዕብ።

### ምምዕርራይ ዋጋ እኽሊ

እኽሊ፡ ዕጫ ደቂሰብ ዝወሰን ኩነት ምዃኑ ጥራይ ኣይኮነን መሰረት ቁጠባዊ ፖሊሲ ጉዋዝማ። ኣብ ኣርባዕተ ወቕቲ ዝርአ ክሊማዊ ምቅይያር ከምኡ'ውን ምስ ዑደት መሬት ዝወሰን ቀትርን ለይትን ወድዓዊ ብምዃኑ ከም መሰረታዊ ኩነት ይቑጸር። በዚ መሰረት፡ ዋጋ ናይ ዝኾነ ነገር ብመንጽር ብዝሒ ወይ ዋሕዲ ናይቲ ቀረብ ከም ዝወሰን ይእመን። ብመንጽር ወቕቲ ክርአ እንከሎ ድማ እኽሊ ኣብ ዝኣትወሉ እዋን (ቀውዒ) ልዑል ቀረብ ይህሉ፥ ኣብ እዋን ጽድያ/ኣየት ከኣ ዋሕዲ ይህልዎ። እዚ ምቅይያር፡ ንሓረስቶት ኮነ ንኸተመኛታት ዝሃሰ'ዩ። ስለዚ፡ ዋጋ እኽሊ ዓመት ምሉእ ርጉእ ከምዝኸውን ምግባር ቀንዲ ግድል ናይቲ ንጉስ ይኸውን። መንግስቲ፡ ሓፈሻዊ መጠን ዋጋታት ንምርግጋእን ክብሪ ናይ ገንዘቡ ንምሕላውን ምእንቲ ክኽእል ድማ ዋጋ እኽሊ ናይ ምርግጋእ ሓላፍነት ይህልዎ። መንግስቲ፡ ኣብ እዋን ቀውዒ ማለት እቶት ኣብ ዝጠዝሓሉ እዋን ኑቲ ትርፊ ካብ ሓረስቶት ክዕድግ እንከሎ ዋጋኡ ሕሱር'ዩ። ኣብቲ ህሞት ድማ እኽሊ ‘ፈኩሰ’ ገንዘብ ድማ ‘ረዚን’ ኮይኑ ኣሎ ማለት'ዩ።

መንግስቲ፡ ልዑል ዝመጠኑ እኽሊ ብምጥላብ ዋጋ እኽሊ ከምዝወሰኽ ይገብር። ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ንተዛማዲ መጠን ገንዘብን እኽልን ኣብ ዕዳጋ የመዓራሪ፡ ዋጋ እኽሊ ብዘይደረት ከይጎድል፡ ሓረስቶት እቶቶም ብኣዝዩ ሕሱር ዋጋ ናብ ነጋዶ ከይሸጥዎ ይከላኸል። እዚ ከኣ በቢከባቢኡ ኑቕጣታት መሸጥን መዓደግን እኽሊ ብምቛም ይትግበር። እንተኾነ መንግስቲ ዋጋታት ከረጋግእ ዝገብሮ ተሳትፎ ዕላማኡ ፍጹም ርግኣት ንኽህሉ ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ “ማይ ኣዝዩ ለጥ እንተኢሉ ስለዘይውሕዝ”። መንግስቲ ዋጋ እኽሊ ንምምዕርራይ ዘተግብሮ መደብ ክንጽ'ቲ ኣብ ዋጋታት ዝህልዎ እዋናዊ ጽልዋ፡ እቶት መንግስቲ ኣብ ምዕባይ፡ ዘይምምዕርራይ ናይ እቶትን ሃብትን ከምኡ'ውን ጥሜት (ዓጸቦ) ኣብ ምክልኻል'ውን ኣገዳሲ'ዩ።

### ምብሓት ጨውን ሓጺንን

ሓፈሻዊ መትከል ጓዋዚ፡ መንግስቲ ብፖሊሲታቱ ኣቢሉ ንጡፍ ተሳትፎ ክህልዎ ኣድላዪ ምዃኑ ዘመልክት'ዩ። ፖሊሲ ግና ዝተፈላለየ መልክዕ ዝሓዘ'ዩ። ንኹሉ መድረኻት ዝኸውን ናይ ፖሊሲ ፈውሲ የለን። ክንዲ ዝኾነ ድማ ከም መመላእታ ናይቲ ዋጋ እኽሊ ንምርግጋእ ዝትግበር ዕማም፡ መንግስቲ ንጨውን ሓጺንን ብዝተወሰነ መልክዕ ክብሕቶ ኣድላዪ ምዃኑ ጓዋዚ የጽር። ንጉሱ ንገዋን ዞንግ እንታይ ዓይነት ግብሪ ከተኣታቱ ከምዘለዎ ምስ ሓተቶ ዝተዋህቦ ምኽሪ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ቁጠባዊ ንጥፈት ወይ ሃብቲ ዝወሰን ግብሪ ውጽኢቱ ሰባት ኑቲ ቁጠባዊ ንጥፈት ንኽገንኩይዎ ወይ ሃብቶም ንኽሓብእዎ ዝድርኽ'ዩ ይብል። ስለዚ፡ መንግስቲ “ንእምባን ባሕርን ብምምሕዳር” ማለት ንጨውን ሓጺንን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ብምእታው እቶት ዘኻዕብተሉ ኣማራጺ ክፈጥር ዝሓሸ ምዃኑ ምኽሩ ይልግስ።

እዚ እማመ፡ ጨውን ሓጺንን ኣገደስቲ ፍርያት ማለት ‘ረዘንቲ’ ምዃኖም ብምርዳእ ዝተሃንደሰ'ዩ። ኣብ ጥንታዊት ቻይና፡ ብድሕሪ እኽሊ ብኹሉንታዊ ኣገዳስነቶም ኣዝዮም ተደለይቲ ዝነበሩ ጨውን ሓጺንን እዮም። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ጨው የህልኾ፡ ሓጺን ከኣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መተዓየዪን ናውትን ኣሎ። “ኣብ ዓለም፡ እዚ መተዓየዪ ዘይብሉ ክዕውት ዝኽእል ዝኾነ ሰብ የለን።” እዚ ከኣ ጠለብ ናይ ጨውን ሓጺንን ዘይቅየር ይገብሮ፤ ዋጋኡ ዋላ እንተተቐየረ። መንግስቲ፡ መሸጣ ጨውን ሓጺንን ምስ ዝቆጻጸር ድማ ልዑል መሸጢ ዋጋ ክወሰን ብኡኡ ኣቢሉ ከኣ እቶት ከኻዕብት ይኽእል ማለት'ዩ።

መንግስቲ ንጨውን ሓጺንን ኣብ ዘመሓድረሉ እዋን ባህሪ ናይቲ ዝፈርየሉ ኣገባብ ኣድህቦ ክገብረሉ ግድን'ዩ። ንኣብነት፡ መንግስቲ ንምፍራይን ምሻጥን ጨው ምስ ወቕቲ ብምዝማድ ብኸፊል ክብሕቶ ተደልዩ። ሰባት፡ ካብ ሕርሻዊ ንጥፈት ናጻ ኣብ ዝኾኑሉ መንግስቲ ኣብ ምፍራይ ጨው ከምዝቖጸሩ ይገብር። ሕርሻ ኣብ ዝጅምረሉ ወቕቲ፡ መንግስቲ ምፍራይ ጨው ደው ዘብል ትእዛዝ ብምሃብ ኑቲ ጉልበት ናብ ሕርሻ ከምዝውዕል ይገብር። በዚ ኣገባብ ከኣ መንግስቲ ኣብ ቀረብን ዋጋን ጨው ቁጽጽርን ተራን ይህልዎ።

ጨው፡ ካብ ማይ ባሕሪ ዝፈርን ብተፈጥሮኡ ተሓዳሽን ብብዝሒ ዝርከብን እዩ። ሓጺን ከም ማዕድን ግና ኣብ ዝተወሰነ እምባን ከባብን ዝርከብ ብምዃኑ ዋሕዲ ኣሎዎ። ነዚ ዋሕዲ መሰረት ብምግባር ድማ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ

ማዕድን ሓጺን ምሉእ ቁጽጽር ክህልዎ ከምዝግባእ ጓዋዚ የመልክት። ምብሓት መስርሕ ዕደና ሓጺን ከኣ መንግስቲ ኣብቲ ዝተረፈ ናይ ምፍራይ መስርሕ ጽልዋ ከምዝህልዎ ዝገብር'ዩ። ኑቲ ሓጺን ናይ ምምሻኽ መስርሕ ግና ኳብ ቁጽጽሩ ብምውጻእ ብብሕቲ ክካየድ ወሰነ።

ምስ ናይ ጓዋዚ ዝመሳሰል ቁጠባዊ ፖሊሲታት ኣብ እዋን ቀድሚ-ሃን ተኣታቲዩ ከምዝነበረን ንጉስ ወዲ (Wudi፡ 141-87 ቅ.ል.ክ.) ከኣ ዳግም ከምዘበራበሮን ይፍለጥ። ንጉስ ወዲ፡ ዘውዲ ኣብ ዝደፍኣሉ እዋን ሃገሩ ዓሚቝ ቅልውላው ገጢምዋ ምንባሩ ይፍለጥ። ቁጠባውን ፖለቲካውን ሓደጋታ እውን ስግኣት ኣንጸላልዩዎ ነበረ። ኣብ መንግስታዊ ማዕከን ሃጺይ ሃን ሕጽረት ፋይናንስ ቀጻሊ ዝኸሰት ብምንባሩ እቶት መንግስቲ ምሕያል ወጣሪ ኩነት ነበረ። ንጉስ ወዲ ከኣ ኑቲ ኣብ እዋን ወንዲ ዝተኣታተወ ንተራ መንግስቲ ኣብ ኢንዱስትርን ንግድን ኣፍኩሰ ዘብል ስትራተጂ ነጸጉ። ኣብ ትሕቲ ወንዲ፡ “ሰባት ሳንቲም ክቕርጹ፥ ሓጺን ከምክኹን ጨው ከፍርዩን ይፍቀዶም ነበረ።” እቲ ኣካይዳ ግና ንመንግስቲ ዝቃወሙ ሒያላት ብሕታውያን ጉልበል ፈጠረ። ወዲ ከኣ መንግስቱ ክይጥፍሽን ዘቕባ ንኸወግድን እሙናት ናብ ዝተባህሉ ነጋዶን ወሰንቲ ኢንዱስትርን ኣብሉ። ካብኦም ገንዘብ ካብ ምልቃሕ፡ ርግኣት ኣብ ምምላስን ኣብ ዳግመ ውደባ ፊስካላዊ ምሕደራ ንኽዮዱን ዘኽእሎም ስልጣንን ሸመትን ምሂቦም መረጸ። ብቑጠባዊ ፖሊሲታት ጓዋዚ ተጎቻቒሑ ከኣ ምፍራይን መሸጣን ጨው፥ ሓጺንን ኣልኮላዊ መስተን ብመንግስቲ ከምዝብሓት ገበረ። ንእርዓት-ገንዘብ ወሁድን ዝተደረጀን ምግባር ድማ ካልእ ናይቲ ዝተኣታተወ ለውጥታት ነበረ።

እቲ ዝተኣታተወን ዝተተግበረን ቁጠባዊ ፖሊሲታት ፊስካላዊ ሕጽረት ኣብ ምእላይ፥ ሓፈሻዊ መጠን ዋጋታት ኣብ ምርግጋእ፥ ህዝባውያን መኽዘናት እኽሊ ከም ዝመልኡ ኣብ ምግባርን ንውተሃደራት ዘድሊ ቀረብ ኣብ ምርግጋጽን ዕዉት ኮነ። ዋጋ ጨው ኣዝዩ ከቢሩ፥ መንግስቲ ዝቕርቦ ናይ ሓጺን ናውቲ ከኣ ብቕዓቱ ትሑት'ዩ ዝብል ዘይዕግበት ከኣ ነበረ። ብተወሳኺ፡ ካብ መፈለምታኡ ኑቲ ፖሊሲታት ዝተቓወሙ ልምዳውያን ሓረስቶትን ተፈላሰፍትን'ውን ነበሩ። እቲ ን 54 ዓመታት ዝነገሰ ወዲ ምስ ዓረፈ ከኣ ቅትዕ ተራ መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ከመይ ዝበለ'ዩ ዝብል ሓያል ክርክር ብኡ ንብኡ ተላዕለ። ኣብ ቀጻልነት ናይቲ ፖሊሲታትን ኣብቲ ዝዓቢ ዝነበረ ዘይዕግበትን ዝተኩር “ጸቢ ምምጽራይ” ዝተባህለ ክርክር ተኻየደ። መሰረት ናይቲ ብኽርክር ጨውን ሓጺንን ዝፍለጥ ክትዕ ከኣ እዚ'ዩ።

እቲ ክርክር፡ ኣብ መንጎ ኣብ መንግስታዊ ምሕደራ ዘይሳተፉ፥ ኣብ ክንዲ ኣብ ባይታ ንዘሎ ኩነት፥ ኣብ ጽሑፋት ንዘርከብ ትንተና ምርኩስ ብምግባር ዝከራኸሩ ምሁራትን ኣገደስቲ ዝበሃሉ ሰባት ብሓደ ወገን ከምኡ'ውን ከም ኣማኸርቲ ንጉስ ብምዃን ኣብ ምርቃቕ ፖሊሲ ዝጸዩ

ኣመሓደርቲ፡ ሓላፍነት ዝሸከሙ ሰበስልጣንን ንዝተፈልየ ኣገባብ መንግስታዊ ምሕደራ ዝማጐቱ ኣካላት ድማ በቲ ካልእ ወገን እዩ ነይሩ። እቲ ክርክር ድማ ብመልክዕ ዝርርብ እዩ ተጻሒፉ፡ ከም ቀንዲ መወከሲ ናይቲ ክርክር ዝርአ ሰነድ ድማ ሻራ ናይቶም ምሁራት ዝተባህሉ ዝሕዝን ድሩት ታሪኻዊ ልክዕነት ዘለዎን ምዃኑ እንተተገልጸ'ኳ ሓቐፍዎ ዝርከብ መረዳእታ (ኣብቲ እዋን ናይ ዝነበረ ኣከራኻሪ ፖለቲካዊ ቁጠባ) ግና ኣገዳሲ ምዃኑ ይእመነሉ። እቲ ጽሑፍ፡ ክሳዕ እዚ ዘመናዊ እዋን ኣብ ዘለዓሉ ክርክር ከም ቀንዲ መወከሲ ዝርአ'ዩ። ቀንዲ ነጥብታት ናይቲ ክርክር ሕጽር ብዝበለ መልክዕ ይስዕብ።

### ክርክር ኣብ መንጎ ሚሳልነትን ክዉንነትን

ሃንዳሲ ቁጠባዊ ፖሊሲ ንጉስ ወዲ ዝነበረ ሳንግ ሆንያንግ (Sang Hongyang) “ግብራውያን ዝኾኑ ግምታት ቀዳምነት ክወሃቦም ይግባእ” ከምኡ'ውን “ጥቡብ መንግስታዊ ምሕደራ፥ ኣብ ባይታ ንዘሎ ሓቅታ ኩነትን ጠለባትን ሕብረተሰብ ኣብ ምምላሽ እምበር ሚሳላዊ ኣብ ዝኾነ ኩነት ሕብረተሰብ ዘድሀበ ክኸውን የብሉን” ንዝብል መትከላት ጓዋዚ ዝኽተል ነበረ። ሳንግ፡ ኩብርታትን ሞራላዊ መትከላትን ነገራዊ ብልጽግና ምስ ተረጋገጸ ጥራይ ከምዝስዕብ ይኣምን።

እቶም ሚሳላዊ ኣረኣእያ ዝነበሮም ተጻረርቱ ግና እቲ መትከል “ውጹእ ፍቕሪ ንዋይን ገንዘብን” ንኽህሉ መገዲ ዝኸፍትን ግዜ ዝይልውጦም “መሰረታውያን ኩብርታት” ዝብሕጉግን እዩ ብምባል የጥቅዕዎ። ሕርያኦም ድማ ኣብ እዋን ምዕራባዊ ዡ ናብ ዝነበረ ናይ ስርዓት ወግዒ ከምኡ'ውን ኣብ ንግስነት ወንዲ ናብ ዝነበረ ኣዝዩ ዝተደረተ ተሳትፎ መንግስቲ ዝነበሮ ኩነት ምምላስ ነበረ። ብኣመለኻኽታኦም፡ ኣብተን ዝሓለፋ ዘመናት ዝተራእየ ቁጠባዊ ምስግጋር ማለት ምትእትታው ስርዓት-ገንዘብን ንግድን መርኣያ ምንቁልቋል ናይቲ ሕብረተሰብን ንመንግስቲ ናብ ብልሽውና ዝመርሕን ኩነት'ዩ። ዕላማኦም ከኣ ናብቲ ናይ ጥንቲ ማለት ናብ ናይ ዕንጋሎ ሕርሻ፡ ብበደላ ዝኸይድ ልውውጥን ብዓይነት ዝኽፈል ግብርን ምምላስ ነበረ።

ሳንግ ይኹን ኑቲ መንግስታዊ ምሕደራ ዘካይዱ ነጋዶ ግና መንግስቲ ኑቲ ዓሚቝ ማሕበራውን ቁጠባውን ለውጢ ግድን ክጥጥሞ ዘለዎ ክዉንነት ምዃኑ ይኣምኑ። እቲ ኣብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ተክኖሎጂያውን መዳይ ዝተራእየ ለውጢ፡ ግሁድን ንሃብቲ ዝድርኽን ምዃኑ ማዕረ ማዕረኡ ከኣ ሕርሻ ኣገዳሲ ምዃኑ የስምሩሉ። ነገራዊ ድሌትን ውሕስነትን ናይቲ ሕብረተሰብ ንምምላእን ንምርግጋጽን ድማ መንግስቲ ኣብቲ ቁጠባ ንጡፍ ተሳትፎ ክህልዎ ከምዝግባእ ይምጉቱ።

ምፍራይ ጨውን ሓጺንን ብመንግስቲ ከም ዝብሓት ምግባር፡ ኣብ ናይ ሳንግ ፖሊሲ ዝሰፍሐ ቦታ ዝሕዝ ክፋል'ዩ። ብኣረኣእያ ሳንግ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኣብ ቁጽጽር ዝተወሰነ ኣካል ናይ ምውዳቕ ወይ ምብሓት ባህሪ ኣለዎም። ስለዚ፡ እቲ ሕቶ መን ይብሓቶም ወይ ብውልቂ ዶ ብመንግስቲ ይብሓቱ ዝብል ክኸውን ኣለዎ ይብል። ናይ ሳንግ ተጻረርቲ ግና ጨው ይኹን ሓጺን ብመንግስቲ ምስ ዝብሓት፡ ኑቲ ዝሰፍሐ ሓረስታይ ዝሃሲ ብምዃኑ እቲ ዋኒን ብስድራቤት ናብ ዝካየድ ንኡሱዋኒን ክምለስ ዘለዎ ምዃኑ ይዛረቡ። ሳንግ፡ ነዚ ንምምጓት “ብዓቢ መጠን ዝካየድ ዋኒን ካብቲ ብንኡሱ መጠን ዝካየድ ዝበለጸ'ዩ” ኢሉ ብምግላጽ ይምጉት። እዚ፡ ኣብ ታሪኽ ቻይና ፈላሚ ኣረኣእያ ምዃኑ ይግለጽ። እቲ ክርክር ድማ ንፖሊሲታት ሳንግ ብዘድግፍ መርገጺ ከምዝተደምደመ ይፍለጥ።

ቁጠባዊ ፖሊሲታት ሳንግ ድማ ንነዊሕ እዋን ቀጸሉ። ኣብ 44 ቅ.ል.ክ. ግና ኣብ ልዕሊ ጨውን ሓጺንን ዝነበረ መንግስታዊ ዋንነት ከብቅዕ ተገብረ። እንተኾነ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት እቲ ኣገባብ ዋንነት ዳግም ክቕጽል ተወሰነ። ኣብዚ መዳይ ዝጽሓፉ ሰቑጠበኛታት ድማ ወሳኒ ግዘፍ ብተክኖሎጂ ዝማዕበለ ኢንዱስትሪ “ብሓደ ወሰታ፡ እሞ ኸኣ ኣብ መላእ'ቲ ቁጠባ ሳዕቤን ከይፈጠረ ናብ ብሕቲ ክሰጋገር ከምዘይከኣል” የመልክቱ። እዚ ከኣ ምምላስ ምሉእ ዋንነት ጨውን ሓጺንን ናብ መንግስቲ “ኣብቲ ሓጺር እዋን ዓብይ ጸገማት ከምዘኸስት ብምግባሩ መንግስቲ ቅድም ናብ ዝነበረ ኣገባብ ዋንነት ምምላስ ኣድላዪ ኮይኑ ከምዝረኸቦ” ዘመልክት'ዩ።

ናይ ጓዋዚ መትከላት ‘ፈኩሰን-ረዚንን’ ከምኡ'ውን ናይ ሳንግ ሆንያንግን ትካላዊ ህንጻን ጉሉሕ ኣሰር ብምግዳፉ፥ ምብሓት ዋንነት ብመንግስቲ ሓያል ክትዕ ዋላ እንተለዓዓለ ንዘመናት ተደጋጊሙ ተራእዩ። እዚ ክልተ ኣገባባት ኣብ ክዉንነትን ግብራዊ ምዕባለታት መሰረት ዝገበረ ፖሊሲታት ብምህንዳስ ተዋሳእቲ ናይቲ ቁጠባ ግቡእ ኣበርክቶን ረብሓን ከምዝህልዎም ዝገብር'ዩ። እቶም ንፖሊሲታት ሳንግ ዝቃወሙ ዝነበሩ ወገናት ከኣ ሚሳላዊ ዝኾነ ራኢ ናይቲ ዝሓለፈ/ኣረጊት እዋን ዝነበሮም እዮም።

እዚ ንጥንታዊ ቁጠባዊ ኣተሓሳስባ ቻይና ዝድህስስ ጽሑፍ፡ መሰረታት ናይቲ ኣብ 1980ታት ዝተገበረቶ እረማ ንምርዳእ ዝዓለመ'ዩ። ኣብ መንጎ ዕዳጋን መንግስትን ዝህሉ ዝምድና ኣብ ናይ ቻይና ተመክሮ ከመይ ይግለጽን ይትግበርን ምርዳእ ከኣ ኣገዳሲ ይኸውን። ቻይና፡ ኑቲ ኣብ 1980ታት ዘካየደቶ እረማ ንታሪኻን ተመክሮኣን ብምውካስ ጥራይ ኣይኮነትን ኣሰላሲላቶ። ዝተወከሰቶ ዓለምለኻዊ ተመክሮታትን ሰቑጠባዊ ኣተሓሳስባታትን ምህላው ምግንዛብ ድማ ኣገዳሲ'ዩ።

ይቕጽል

ሰረበ እስቲፋኖስ
(5ይ ክፋል)

# ዝኽሪ ሚያዝያ

## ረፈረንደም ኤርትራን ጥምዘዛ ታሪኽ ልሂቃን ኢትዮጵያን

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብጽንጽዋያዊ ታሪኽ ኣታሊልካ ናብ ሓዊ ንምጥባሱ ብኢትዮጵያውያን ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ምትላል ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ወፍሪ ጥምዛዝ ታሪኽ ካብ ዝቐደሉ ዘሎ ፍጻሜ እቲ ነዊሕ ዘይገበረ፡ ኣብ ዘመነ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ብድምጺ፡ ስእልን ጽሑፍን ተወሪዑ ዝተሰነደ ታሪኻዊ ፍጻመ ረፈረንዱም 1993 ምህኳስን ዘይመልክዑ ምሃብን ምኽኑ ተመልኪትና። ገለ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ኣብ ግዜ ረፈረንደም ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረቡ ሕቶ ኣመልኪቶም ዝጸሓፍዎ ሓሶት እውን ርኢና። ብኣንጻሩ ናይ ገለ ተዓዚቢ ምስክርነት እውን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

ዶክተር ያዕቆብ ኃይለማርያም ዝተባህለ ካልእ ጠምዛዚ ታሪኽ እውን ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፦

*"ሻዕብያ ዘዩሕጋዊ ኣኼይደኡ ብምቕጻል ብኣቈጻጽራ ኤውሮጳውያን ኤፕሪል 23-25፡ 1991 ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ነቲ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ ከይተዋህቦ 'ናጻ ክትክውን ትደሊ'ዶ ኣይትደልን' ዝብል ሕቶ ጥራይ ቀሪቡሉ። እቲ ህዝቢ ድማ ብ99.8% ድምጺ (ኣኼይዳ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ምርጫ ይመስል) ንኽፍንጸል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባሂሉ። (ኣሰብ የማን ናት፤ 'የኢትዮጵያ የባሕር በር ጥያቄ'. ኣዲስ ኣበባ 2003 - ገጽ 89)"*

እዚ ጸሓፊ'ዚ እውን ነታ 'መገንጠል' እትብል ቃል ተጠቒሙላ። ብዛዕባ 'ምንጻል' ኣቐዲመ ስለዝልዓልኩዎ ምድጋም ኣየድልን እዩ። ኣብዚ ግን ዶክተር ያዕቆብ ከም መጠን ምሁር ክሓልፈን ዘይግባእ ክልተ ጌጋታት ፈጺሙ ኣሎ። እታ ሓንቲ፡ ረፈረንደም ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ከበቢ ክልተ ዓመታት ምስ ሓለፈ፡ ኣብ 1993 ደኣ'ምበር፡ ኤርትራ ናጽነታ ኣብ ዝተጎናጸፈትሉ 1991 ኣይነበረን። እታ ካልኣይቲ ድማ - ኣቐዲመ'ና ከም ዝረኣናዮ - ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡለን ካልኦት ተወሰኽቲ 41 ሃገራት (እንተላይ ኢትዮጵያ) እዩ ተኻይዱ። እዞን ጌጋታት እዚኣተን ሓደ ተመራማሪ ዝፍጽመን ተራ ጌጋታት ኣይኮናን። ምኽንያቱ መጽሓፉ - ይሕመቕ ይጸብቕ - ኣብ መጻኢ መወከሲ ሰነድ ምኻኑ ኣይክተርፉን ስለ ዝኾነ። ስምዒቱ ስለዘየብለሎ ድማ፡ ቡቲ ወጽኢት ረፈረንደም ከምዘይተሓጎሰ ወይ'ውን ከም ዘይኣመነሉ ንምምልካት ባህሪ ተግባር (passive voice) ተጠቒሙ '...ንኽፍንጸል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባሂሉ' ክብል ገሊጽዎ ክሓልፍ መሪጹ።

ቀጺሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ እቶም ብዘተፈላለየ መልክዕ ምስ ኢትዮጵያ ተቓሪናም ክነብሩ ዝደልዩ ኤርትራውያን ድልየቶም ክገልጹ ስለዘይከኣሉ፡ "ማስርሕ ረፈረንደም፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ዝማለአ'ዩ ነይሩ" ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ምዝራብ ከም ዘጸግም ይገልጽ። እቲ ቀዳማይ መልሲ፡ ነቲ ናይ "እወ ንናጽነት ዝብል ማኢታዊት (99.8%) ካብ 100% ምጉዳል ይከኣል ነይሩ'ዩ" ዝብል ይኸውን። እቲ ካልኣይ መልሲ ድማ "እቶም ዶክተር ኣለዉ ዝበሎም ወገናት ብርግጽ እንተድኣ ነይሮም ኮይኖም፡ ነታ 'ኣይፋል' እትብል ምርጫ ክወስዱ ምሉእ ዕድል ነይሩዎም'ዩ" ዝብል ይኸውን።

እዛ 'ካልእ ኣማራጺ ከይቀረበሉ' እትብል መጉት፡ ብኻልኦት'ውን ክትደጋገም ትሰምዕ'ያ። ባዕሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ ህዝቢ ኤርትራ 'ናጻ ክትክውን ትደሊ'ዶ ኣይትደልን' ተባሂሉ ተሓቲቱ ክብል'ዩ ገሊጹ። ከምዚ ዓይነት ሕቶ ድማ፡ 'እወ' ወይ 'ኣይፋል' ኢልካ'ዩ ዝምለስ። ስለዚ፡ ኣማራጺ ኣለዎ (ካብ ክልተ ሓደ ምምላስ ስለዝከኣል)፤ ስለዚ እቶም ምስ ኢትዮጵያ ርኽብ ክህልዎም ዝደልዩ ዝተባህሉ ወገናት፡ 'ኣይፋል' ብምምራጽ፡ ንዝመጽእ ምዕባለ ክጸንዑ ይኽእሉ ነይሮም'ዮም።

ኣብዚ'ዩ ድማ ከም ብዓል ዶክተር ያዕቆብ ሱሉልናዊ ኣቋውማ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይርድኡዎም ንኽርድኡዎ እውን ዓቕሚ ከም ዝሓጸርዎም ዝዝረድ። እቶም ካብ 40ታት ጀሚሮም ክሳዕ 60ታት እዋን ምፍራስ ፌደረሽን፡ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ከም ቀንዲ ዕላማ ገይሮም ዝተቓለሱ ኤርትራውያን፡ ሕብእ ዕላማ ሃይለስላሰ ምስ ተጋህደሎም፡ ከይወዓሉ ከይሓደሩ ተጣዒሶም፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ "ፎእ!" ኢሎም ካብ ልቦም ኣውጺኦሞም ነይሮም'ዮም። እታ ኣብ ልቦም ኣቐሚጦም ዝተኣኻኽላ ኢትዮጵያ፡ ብዛዕባኣም ኣብ ውሽጢ ልቢ ዘቐመጠቶ ዝኾነ ይኹን ዝኽሪ ከምዘይብረ ምስ ኣስተውዓሉ፡ ሕርር ኩምትር ኢሎም ተሪፎምን ምስ ደቂ ናጽነት ዝኾኑ ኣሕዋቶም ክደናገጹን ተራእዮም'ዮም። እታ ዝሓለመዋ ምድራዊት ገነት ኢትዮጵያ፡ ንኣታቶምን ንኣሕዋቶምን ክትዓጽድ ምስ ረኣዩዋ ተበራቢሮም። ዚ ብዝምልከት ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ (ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ. 'ሰውራ ኤርትራ፡ ምሰጋምን ምንቁልቋልን ማስርሕ ወሽጣዊ ምፍሕፋሓት ሰውራ ኤርትራ' 1994፡ 9) ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ንረኽቦ፥

*"መብዝሕትኦም ካብዮም ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝብሉ ዝነበሩ፡ ካብኡ ዝረብሐ ዝማስሉም ዝነበሩ፡ መረር ስቅያት ምስ ኣስተማቐሩ ኣንጻር ስርዓት ሃይለስላሰ ጠጠው በሉ።"*

ሽዑ ንሽዑ ድማ ከም ብዓል ደጃዝማች ጉብረዮሃንስ ተሰፋማርያም፡ እታ ወላዲትና ዝበሉዋ ሕልማዊት ኣደኦም ነሕዋቶም ክትብልዕ ምስ ረኣዩዋ "'ኢትዮጵያ ወይ ሞት!' ኢልና ጸዊዕናኩም፤ ኢትዮጵያን ሞትን ድማ ሂብኩመና" ኢሎም፡ ኣብ ቅድሚ ሰበስልጣን ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ኣሕዋቶም ጥብቅና ብምቕም ብድፍረት ክዘረቡ ተሰሚዖም። ቀዳማይ መራሒ መንግስቲ ኤርትራን ቀንዲ መራሒ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን ዝነበሩ ተድላ ባይሩ ከይተረፉ፡ ብ1967 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሮም ነይሮም'ዮም። ስለዚ፡ ብዓል ዶክተር ያዕቆብን ካልኦት ብዙሓት ከምኣቶምን፡ እታ 'ኢትዮጵያ! ኢትዮጵያ!' እትብል ልቢ ኣቦላት ሰልፊ ሕብረት'ውን ደሮ ማስርዓ ቀይራ ምንባራ ኣይተሰወጦምን። ነታ ካብ 40ታት ክሳዕ 60ታት ዝነበረት ዝፈልጡዋ ልቢ'ዮም ዘውክሱ ነይሮምን ዘለዉን።

እምበር፡ እታ ናይ ሽዑ 'ኢትዮጵያ!' 'ኢትዮጵያ!' እትብል ዝነበረት ልቢ ደኣ፡ ኣብ ረፈረንደም እኮ ተሳቲፋ'ያ። ልክዕ ቦታኣ ኣብይ ከምዝነበረ ድማ ኣብ ውሽጢ'ቲ 99.8% ወጽኢት ረፈረንደም ተረኺባ ምጽንሓ ምስክር'ዩ። ከም ቀደማ ዝነበረት ዝማስሉም'ዮም፡ "ድልየታ ኣይተማልኣላን" እናበሉ እናሻዕ ዝዘክሩዋ ዘለዉ። ልቢ ናይቶም እንደራሴ ኢትዮጵያ ኮይኖም ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ፌደረሽን ዘፍረሱን ንኤርትራ ድማ ኣብ ቢያቲ ወርቂ ገይሮም ንሃይለስላሰ ኣብ ምርኻብ ወሳኒ ግደ ዝተጻወቱ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ንባዕላ'ኳ፡ ወገና ኣሰሚራ፡ 'እወ' ንናጽነት ክትብል እያ መሪጻ! ዚ'ኸ እዚ ብዓል ዶክተር ያዕቆብ እንታይ እዮም ክብሉዎ!፧

ቀጺሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ "ናይ ኤርትራ ምፍላይ ንኢትዮጵያውያን እውን ዝምልከት ጉዳይ ስለዝነበረ፡ ኢትዮጵያውያን ኣብቲ ምርጫ ክሳተፉ ነይሩዎም ዝብሉ ወገናት ኣለዉ" ይብል። መሰደመም ነገር'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንዓመታት ዘሕለፎ ገሊታዕታዕን ዝኸፈሎ መስዋእትን ድምጺ ኢትዮጵያውያን ንኽሰማዕ ዘይኮነ፡ ነቲ ማሕበረሰብ ዓለምን ስርዓታት ኢትዮጵያን ድምጹ ንኽሰምዑ ዝደፈኑዎ እዝኒ ንምኽፋት'ዩ ነይሩ። "ንብረትካ ንብረተይ እዩ" ኢሉ ምስ ዝጸብኣካ ወገን፡ ኣብ ሓደ መጋብእያ ቀሪብኩ፡ ዋንነት'ካ ኣብ ገዛእ ንብረትካ ምሳኻ ማዕረ ድምጺ ንኽህልዎ መዋእልካ ኣብ ቃልሲ ኣይተሕልፎን ኢኻ። ኣብ ንብረትካ "ዋንነት'ኳ ማዕረ ዕድል ናይ ምውሳን ባይታ ክወሃቦ ነይሩዎ" ምባል ላግጺ እምበር ካልእ ክበሃል ኣይከኣልን።

ዶክተር ያዕቆብ ዝዛዘ መርገጺ ዘይቅበሉልን ሓደጋኛን ምኻኑ፡ መሓኩ ተገኘ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ጸሓፊ ገሊጹዎ ንረኽቦ። መሓኩ ተገኘ፡ ኤርትራውያን ብሃይማኖትን ዓሌትን ዝተመቓቐሉ ህዝቢ ምኻኖም፡ ሓብራዊ ሃገራዊ መንነት ንኽቐሙ ግድል ዝኾኖምን ሕቶ ዕጥቃዊ ቃልሶም ንናጽነት፡ ሕቶ መግዛእቲ ዘይኮነ፡ ሕቶ ምፍንጻል እዩ ነይሩ ኢሉ ዝኣምን ምኻኑ ኣብ ጽሑፉ ኣንጸባሪቑዎ ኣሎ። የጉዳስ ኣብ ጉዳይ ረፈረንደም ምስ እንመጽእ፡ ነቲ ኩነታት ብቐጥታ መልክዑ ተገዚብዎ ንረኽቦ፤ ከምዚ ድማ ይብል፥

"ሓደ ዘኻትዕ ሓቂ ጎሊሑ ወጺኡ'ሎ፥ ህዝብታት ኤርትራ - ቡቲ ኣገዳሲ ነዊሕን ጅግንነታዊን ቃልሶም - ተዓዊቶም ኣለዉ። ጽሕፍቶ ሃገሮም ምውሳን ድማ ንኦም ይምልከት። ገለ ገለ ኢትዮጵያውያን ካብዚ ዝፍለ ሓሳብ እንተለዎምን 'ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ እያ' እንተኢሎምን ከም'ኡ'ውን ካብ ህዝብታት ኤርትራ ወጻኢ፡ ካልእ ሰብ ዕድል ኤርትራ ክወስን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ እንተቐሪቦም፡ ሓደገኛ ዝኾነ ሕልሚ'ዮም ዝሰንዩ ዘለዉ። (Melakou Tegegn. 'Eritrea: Evolution Towards Independence and Beyond.' 1994: ገጽ 75)

ናብ ዶክተር ያዕቆብ ምስ እንምለሱ፡ ኣብ ዝቐጸለ ገጽ መጽሓፉ፡ እታ ዝቐረበት ሕቶ 'ናጽነት ትደሊ'ዶ ኣይትደልን' ትብል ነይራ ክብል ከምዘይጸንሐ፡ ናጽነት ወይ ባርነት ዝብል መንፈስ ስለዝነበራ፡ ነቲ ህዝቢ ኣማራጺ ኣይሃቦን ዝብሉ ሰባት ኣለዉ፡ ብምባሎት ነቲ ናይ ልቡ ሓሳብ ብሰም ካልኦት ከተንፍሶ ንርእዮ። እታ ሕቶ፡ 'ናጽነት ትደሊዶ ኣይትደልን፧' ትብል ነይራ ዝበለ'ኳ፡ ንዕላ ምርጫ እያ፤ ምኽንያቱ እቲ ኣድማጺ 'እወ እደሊ'፡ 'ኣይፋል ኣይደልን' ክብል ስለእተኽእሎ።

እዞም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ "ኣብ 50ታት እዋን ፌደረሽን ዝጠዘለ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንሕብረት ምስ ኢትዮጵያ እዩ መሪጹ" ዝብሉ ካብ ኮኑ "እቲ ህዝቢ ናጽነት ኣይደልን'ዩ ነይሩ" ማለቶም'ዩ ዘምዕ። ከምኡ ካብ ነበረ ግን እንታይ ደኣ ኣብ እዋን ረፈረንደም እቲ ዕድል እናሃለዎ "ኣይፋል ንናጽነት" ዘይመረጸ፧ ከምቲ ንሳቶም ዝብሉዎ፡ ዝጠዘለ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ወሃደት ምስ ኢትዮጵያ ዝደሊ እንተዝኸውን፡ "ኣይፋል ንናጽነት" ዝብል ምርጫ ብምውሳድ፡ ካልእ ክመጽእ ንዘኽእል ከኣታት መቓመት ነይሩ፤ ግን ኣይገበሮን። ሕልሙን ሕልሚ ናይዞም ዘልዓልናዮም ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ ኣብ ክልተ ጫፋት ስለዝነበረ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኮይኑ'ዩ ተጋሂዱ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመላእ ዓለም ብዘደንቕ መልክዕ'ዩ ናይ ልቡ ዝገበረ። እዞም ሰባት ግን፡ ምጽዋትን ክውንነትን ጠቢዩ ምኻኑ ስለምንታይ'የም ዘይግዝዘቡ፧

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ናይ ሕጊ ዝኾነ ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር ደረጀ ዘለቀ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ፡ ሓደ እዋን ኣብ 'ኣንድ ኣፍታ' ዝበሃል መራኸቢ ብዙሃን ቀሪቡ ብዛዕባ'ዚ ንህዝቢ ዓለም ዘደነቐ መስርሕን ወጽኢትን ረፈረንደም ኣመልኪቱ ብኸምዚ ዝስዕብ ምስክርነቱ ሂቡ ነይሩ፥

*"...ኤርትራውያንኮ ብግሁዲ ኣብ ሰፊሕ ህዝባዊ መድረኽ ብዝተኻየደ ማስርሕ እንታይ ዓይነት ሰብ ምኻኖም ብዘዩዳሞ መገዲ ነጊሮሙና እዮም። ኣይኮነን ደቆ ናብቲ ረፈረንደምኮ ብቓሬዛ ከይተረፈ ይኸዱ ነይሮም. . .።"*

ፕሮፌሰር ደረጀ ብዛዕባ መስርሕን ወጽኢትን ረፈረንደም ሓቀኛ ምስክርነቱ ምሃቡ ዘመስገኖ እዩ። የጉዳስ፡ ከምቶም ኣቐድም ኣብልና ዝረኣናዮም ጸሓፍቲ ምኻኑ ከይተርፎ፡ ኣስዕብ ኣብሉ፥ ነታ ዝቐረበት ሕቶ፡ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት፧' እትብል ከም ዝነበረት ብምግላጹ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ብዛዕባኡ ዝጸንሓና ምስሊ ባዕሉ ኣህሲሱዎ።

ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ ነጥቢ፡ ኤርትራውያን ኣብ ውሳኔ ስርዓት ፌደረሽን ዝኾነ ይኹን እጃም ኣይነበሮምን። ብሓይሊ እዩ ተተግቢሩ። ኣብ ምፍራሱ'ውን እንተኾነ፡ እንትርፎ ገለ ኣባላት ሰልፊ ሕብረት፡ ዝኾነ እጃም ኣይነበሮምን። ስለዚ፡ ኣብ ክልቲኦም ወሳኒት መድረኻት ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይተሰምዐ ምዝኻር የድሊ።

ካልእ ምስታ 'ናጽነትዶ ወይስ ባርነት' እትብል ግጉይቲ መጉት ተተሓሒዙ ክትምለስ ዘለዋ ነጥቢ ኣላ። እታ ሕቶ 'ናጽነት ዲኻ ትደሊ ባርነት፧' እትብል እንተኾይራ፡ እቶም ዝተጠቕሱ ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን ብኸመይ መገዲ በተን ቀሪበን ዝበራ 'እወ'ን 'ኣይፋል'ን ክትምለስ ከም እትኽእል ግን ክረድኡና እንተዘኽእሉ ግርም ነይሩ። እታ ባዕሎም ዝቐረጽዋ ሕቶ ክትምለስ እንተኾይና፡ 'ናጽነት እየ ዝደሊ' ወይ ድማ ብኣንጻሩ 'ባርነት እየ ዝደሊ' ብዝብል መልሲ እምበር፡ ብ'እወ' ወይ ብ'ኣይፋል' ክትምለስ ፈጺማ ኣይትኽእልን እያ። ንኣብነት ሓደ ሰብ፡ "ኣራንሺ ዶ ይሕሾካ ወይስ ባናና፧" ተባሂሉ እንተተሓቲቱ፡ 'እወ' ወይ 'ኣይፋል' ኢሉ ክምልስ ኣይክእልን እዩ። 'ኣራንሺ ይሕሸኒ' ወይ ድማ 'ባናና ይሕሸኒ' ኢሉ'ዩ ክምልስ ዝኽእል። ስለዚ፡ እታ ቀሪባ ነይራ ዝበልዋ ሕቶዮን እተን ዝበራ ክልተ ሓቀኛ ምርጫታትን 'እግርን ከበሮን ጠበዩ' እየን ነይረን። ኮይኑ ድማ፡ ምስ ሓቂ ስለ ዝተጋጨወ፡ መጉትኦም ብላሽ ኮይኑ ተሪፉ።




ሕጉስ ቅንያት ረፈረንዱም

ይቕጽል . . .

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሰለስተ መፍትሕ ዓወት

መም. ፍትሓዊ እስቲፋኖስ

ኲልና ደቂ ሰባት ከም መግቢ፡ ማይ፡ መጽለሊ፡ ውሕስነት(ድሕነት)፡ ፍቕሪ፡ ክብረት፡ ነብሰ-ምትእምማን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ናይ ሓባር ድሌታት ኣለዉና። ኲላትና ቓንዛ ናብ ሓጎስ ናይ ምኻድ ዘኽእል ውሸጣዊ ዝምባለ ኣለና። እዚ ዝምባለ'ዚ ካብ ሕማቕ ናብ ጽቡቕ ምርጫታት ክመርሓና ይኽእል። መብዛሕትና ነዞም መሰረታውያን ድሌታት ንምምላእ ደኣ እምበር ኪንዮኦም ሓሊፍና ህይወትና እንታይ ክትከውን ከምእትኽእል ኣይንሓስብን።

ቀስ ብቐስ ውሸጣውያን ተስፋታትና፡ ሕልምታትና፡ ባህግታትና ክንርዳእ ምስእንጀምር ግን ኣዚና ክንግረም ንጅምር። ስለዚ ከኣ ምስጢር ምንባርና፡ ዕላማና ንዓኣቶም ክዉን ንምግባር ምኻኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ክበርሃልና ይኽእል። ዕላማታትናን ባህግታትናን ኣነጺርና ንምፍላጥ ግን ናብ ውሸጥና ቁሊሕ ምባል ከድልየና እዩ። እዚ ድሕሪ ምግባርና ጉዕዞ ህይወትና ናበይ ምኳኑ ይንጽረልና እሞ፡ ኲሉ ጸዓትና፡ ክእለትና፡ ናብኡ ነወፍዮ።

ስለዚ ንስኻ'ውን ተንስእ ተበራበር። ንህይወት ካብቲ ቕድሚ ሕጂ ዝነበረካ ኣጠማምታ ብዝተፈልየ ንኽትርእያ ተበገስ። እቲ ግዜ ሕጂ እዩ። ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ሕልምኻ እትጭብጠሉ እዋን ሕጂ እዩ። ኣብዛ ዓለም ኪንዮ ሕልምታትካ ምጭባጥ ንምንባርካ ትርጉም ዘህብ የለን። ዕላማታትካ ብግቡእ ምንጻርን ንዕኦም ብምትግባርን ኢኻ ህይወት ብምልኣት እትነብራ።

ከማኻን ንኸም ናትካ ዕላማን ተባሂሉ ናብዛ ዓለም እዚኣ ዝመጸ ኩቶ የለን። ንስኻ ፍሉይ ዕላማ ዘለካ ፍሉይ ሰብ ምኳንካ ንንነብስኻ ንገራ። ምኽንያቱ እቲ ሓቂ ንሱ ስለዝኾነ።


## 1) መብጽዓ (እቶት-ቃል)

ምስ ነብስኻ ናብ ሓደ ንጹር ዝኾነ ዕላማ ብኣእምሮን ስምዒትን ክትውፊ መብጽዓ እቶ። ኣብዚ እዋን'ዚ እንታይ ትገብር ወይ ኣብ ከመይ ዝበለ ኹነት ኣለኻ? ሕልምታትካ ኣብ ምትግባር ዲኻ ዘለኻ? ወይስ ካብ ሓደ ናብቲ ካልኣይ ሰሙን ዘሰጋግሩኻ ዝሓሹ ትብሎም ነገራት ኢኻ እትዓዩ ዘለኻ? ብኻልእ ኣበሃህላ ንስለ ምህላው ዲኻ ዘለኻ ወይስ ብሓቂ ትነብር ኣለኻ? ኣብ ሕልምታትካ ትነብር እንተደኣ ሃልኻ ግርም። ኣብ መንገዲ ዓወት ኣለኻ። ብኣንጻሩ እንተደኣ ሃሊኻ፡ ማለት ሕልምታትካ ኣብ ምትግባር እንተዘይ ሃሊኻ ወይ ሕልምታትካ እንተዘይ ነጺሮምልካ'ውን ዘጨንቕን ዘጉህን የብልካን። ካብ ሕጂ ብሓድሽ መንፈስን ሓይልን ተበጊስካ ዓበይቲ ዓወታት ክትጭብጥ ከም እትኽእል እመን። ናይ ብሓቂ ዕዉት ህይወት ንኽተሕልፍ መጀመርያ ክትበጽሖ እትደሊ ሕልሚ ምስ ዝህልወካን ከተነጽሮን ምስ እትኽእልን እዩ። ኲሉ ነገር ውጺኢት ሓሳባት ስለዝኾነ ኣተሓሳስባኻ ኣዕቢ። ሓደ ነገር ፊልማ ኣብ ሓንጎል ምስ ተፈጥረ እዩ ናብ ክውንነት ዝመጽእ።

ናይ ብሓቂ ክትዕወት እንተደሊኻ ቅድም ቀዳድም ሕልምኻ/ራኢኻ ከተነጽርን ንዕኡ ክትውፊን ንሓንጎልካ ከተእምኖ ኣለካ። ዓወትካ ኣብ ግዝፊ ሕልምኻ ከምዝምርኮስ ውን ኣይትዘንግዕ። ማለት ንእሽቶ ሕልሚ እናሓለምካ ዓቢ ዓወት ክትጭብጥ ኣይትጽበ። ኲሉ ነገር ውጺኢት ሓሳብ ስለዝኾነ ዓበይቲ ሓሳባት እሞ ሕሰብ ዓበይቲ ዓወታት ክትጓናጸፍ ኢኻ። ኣብዚ ክትዝንግዖ ዘይብልካ ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ ንስኻ ዝደለኻዮ ክትገብር፡ ዝደለኻዮ ክትከውን እልኡ ዝተርፍ ዓቕሚ ከምዘለካ ምፍላጥ እዩ። ሕልምኻ ኣነጽር፡ ንዑኡ ንምጭባጥ ተወፊኻ ስርሓሉ፡ ተኽእሎታት እምበር ዘይተኽእሎታት እንሓሰብካ ኣይትጎዓዝ። እመን እንተኣሚምካ ክትዕወት ኢኻ።

ዕላማኻ ክውን ንምግባር ኲሉ ተግባራትካን ሓሳብካን ናብኡ ግበሮ። መዓልታዊ ንጥፈታትካ ምስ ዕላማታትካ ዝቃደዉ ክኾኑ ኣለዎም። መጀመርያ ግን እቶም ሕልምታት ናትካ ምኳኖም ኣረጋግጽ። ሰባት ዝመሰሎም ዝሓይሽ መሲሉ ዝተራእዮም ከማኽሩኻ ይኽእሉ እዮም። ነቲ ዝበልኹ ከይመመኻ ትቕበሎ እንተኾይንካ ግን ክትጸድፍ ኢኻ። ስለዚ ብርግጽ እቶም ናተይ እትብሎም ሕልምታት ከተነጽሮም ኣለካ። ብድሕሪኡ ዘስዕብ ኑቶም ናይ በሓቂ ህልምታትካ ተወፊኻ ምስራሕ እዩ።





## 2) ክፉት ኣእምሮ ምውናን

ኣብ ህይወት ከምዘለዎ ኮይኑ ዝቕጽል ነገራት ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ሂወት ኣድማስ ከኣ ብዓቢኡ ምስ ግዜን ኩነትን ለውጢ የሪኢ እዩ። ክትዓቢ እንተኾይንካ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ኣተሓሳስባኻን ኣካይዳኻን ለውጢ ንምግባር ኣእምሮኻ ክፉት ግበሮ። እዚ ክትሓስቦ ከለኻ ቀሊል መሲሉ ክረኣየካ ይኽእል'ዩ። እቲ ሓቂ ግና ኸምኡ ኣይኮነን። እቲ ዓቢ ሊቕ ፊዚክስ ይስሓቕ ንዊተን ኣብ ሕግታት ምንቅስቓስ ኣብ ዝብል ክልሰሓሳባቱ "ሓደ ነገር ኣብ ምንቅስቓስ እንተደኣ ሃልዩ ስቕ ኢሉ ጉዕዞኡ ክቕጽል እምበር ደው ክብል ኣይደልን። ደው ኩብሎ ንዝፈተነ ባእታ/ ሓይሊ ተቓውሞ የሪኢ። ጠጠው ኢሉ እንተደሃልዩ ከኣ ኣብ ዘለዎ ክኸውን ስለዝደሊ ዝኾነ ከንቀሳቕሶ ንዝደሊ/ዝፈተነ ሓይሊ ተቓውሞ የሪኢ።" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ንሱ ከም ኣብነት ዝጠቕሶ ከኣ ክትከይድ ዝጸንሐት ኣውቶቡስ ሃንደበት ጠጠው ምስ እትብል ንሕና(ነብስና) ንቕድሚት ነቕ ንብል። ነቲ ደው ክንብል ዝገበረ ሓይሊ ልጓም ንቃወሞ ኣለና ማለት እዩ። ጠጠው ኢላ ዝጸንሐት ኣውቶቡስ ብግስ ክትብል ከላ ንድሕሪት ናዕ እንብለሉ ምኽንያት ከኣ ኣብታ ዝጸናሕናያ ኮፍ ኢልና ክንቅጽል ስለ እንደሊ ኢና፡ ነቲ ከንብገስ ዝገበረ ሓይሊ ሞቶር እንቃወሞ። እዚ ባህርያዊ ነገር እዩ። ብተመሳሳሊ ኣእምሮና'ውን ሓደስቲ ነገራት ኣብ ምቕባል ዘየዕጠጢ ኣይኮነን። ነዚ ናይ ምዕጥይጣይ ባህሪ ብምእላይ ዝደለናዮ ለውጢ ከምዝቕበል ማለት ክፉት ከምዝኸውን ምግባሩ እምበኣር ዕዉታት ኣብ ምዃንና ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ሰብ ዝሓለሞ እዩ ዝኸውን ዝብል ኣበሃህላ ቦኽሪ እዝንኻ ኣይኮነን ዝኸውን። እቲ እትደልዮ እሞ ሕለም ክትረኽቦ ኢኻ።

ብሕልምኻ እሞ ንበር ኲሎም እቶም እትደልዮም ነገራት ናባኻ ክመጹ ክትሪኢ ኢኻ። ኣይትገረም እዚ ብሕጊ ስሕበት ናይ ግድን ክኸውን እዩ። ኣብዚ ኣድማስ ንዓኻን ከማኻን ዝመስሉ ባእታታት ኣለዉ ስለዚ ሕልምኻ እሞ ኣነጽር ናብኣቶም ገጽካ ክትጎዓዝ ኣብ ዝጀመርካሉ ክትሕገዝን ክትሕጎስን ኢኻ። ምስኦም ከማኻ ዝመስሉ እምበር ምስኦም ዘይመስሉኻ እንተሃሊኻ ክትዕወት ኣይትኽእልን ኢኻ። ምኽንያቱ ምስኦም ዝመስሉኻ እምበር ምስኦም ዘይመስሉኻ ክትወሃሃድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነዚ ዝገልጽ ሓሳብ ኣብ ኬምስትሪ ኣሎ። እቶም ሓደ ዓይነት ከሚካላት(ባእታታ) ይወሃሃዱ(Like dissolves like) ከኣ ይብል።

እንተደኣ ብሓቂ ኣብ ሕልምታትካ ትነብር ኣለኻ፡ ብዙሓት ሰባት ባኣኻ ክምስጡን ክሕግዙኻን እዮም። እዚ ከኣ ንዓወትካ ሓጋዝን ኣቃላጣፍን ምኳኑ ኩቶ ኣይትጠራጠር። እንተደኣ ብሓቂ ኣብ ሕልምታትካ ትነብር ኣለኻ ኲሉ እትረኽቦ ዘበለ ናይ ኣጋጣሚ ዘይኮነ ብሕጊ ስሕበት ዝፍጸም ከምዘሎ ክርደኣካ እዩ። ይኹን እምበር ንዝጎንፉኻ ሓደስቲ ክስተታት ብኽፉት ኣእሙሮ ክትቅበሎም እንተዘይ ኪኢልካ ኣይክዕወትን ኢኻ። ስለዚ ብርግጽ ኣብ ሕልምታትካ ትነብር ከምዘለኻ እንተደኣ ኣሚንካ ኣይትጠራጠር ኲሉ እትደልዮ ብሕጊ ስሕበት ክትረኽቦ ኢኻ። ኣእምሮኻ ጥራይ ንሓድሽ ለውጢ ክፉት ግበሮ።

## 3) ዘይምሕላል/ ምጽናዕ

ዕላማኻ ኣነጺርካ ንዝገጥሙኻ ለውጥታት ብኽፉት ኣእሙሮ ምምርማርን ኣገደስቲ ስንቅታት ዓወት ምኳኖም ዘከሓድ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ንሶም ጥራይ ዘይምኳኖም ክንግንዘብ ኣገዳሲ እዩ። ከምሰብ ኣብ መንገድኻ ብዙሕ ትጽቢት ዘይገበርካሎም ነገራት ክጎንፉኻን ክትደክምን ትኽእል ኢኻ። የግዳስ እቲ እንኮ ምርጫኻ ከይተሓለልካ ኣብ ዕላማኻ ጸኒዕካ ምቕጻል ምኳኑ እንተኣሚንካ ጥራይ ኢኻ ክትዕወት እትኽእል። ዘቋርጹ ኣይዕወቱን ዝዕወቱ ከኣ ኣየቋርጹን ዝብል ሓሳብ ቅናትካ ገይርካዮ ክትጎዓዝ ኣለካ። እንተዘይ ተሓሊልካ ጥራይ ኢኻ ዓወት እትረኽባ። እንተጸኒዕካ ጥራይ ኢኻ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክትድይብ እትኽእል።

ሓደ ግዜ ሓደ ሰብኣይ ናብ ሓደ ፍሉጥን ህቡብን መምህር መንገዲ ዓወት በየን ምኳና ክሓቶ ከደ። እቲ ካባ ዝተኸድነ ጨሓም መምህር ዝኾነ ቃል ከየምሎቐ ናብ ሓደ ርሑቕ ቦታ ኣመልከተ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ብህንጥዩነት ናብቲ ዝተባህሎ ኣንፈት ተዓዝረ። ሃንደበት ግን ብዓውታ ዝጽዉዕ ድምጺ ሰምዐ። ስለዚ ከኣ ደኺምዎ፡ ጽርውርዉ እናበሎ ዝተባህሎ ተገግዩ እንተኾይኑ ብኣግርሞት እናሓሰበ ተመልሰ። ምስ ተመልሰ ከኣ ነቲ ከም እንደገና እታ ሕቶ ሓተቶ። እቲ መምህር ውን ደጊሙ ናብታ ኣቐዲሙ ዘመልከታ ኣንፈት ኣመልከተ።

እቲ ሰብኣይ ከኣ መሊሱ ኸደ። ሕጂ ግን እቲ ጻዊዒት ብርቱዕን ኣእዛን ዘጽምምን እዩ ዝነበረ እሞ ወዮ ሰብኣይ ኣዝዩ ደኺሙ፡ እናደመየን ምሒር ተሰላቺዩን እናንጸርጸረን "ዓወት ኣበይ ከምእትርከብ ሓቲተካ በቲ ዝበልካኒ ከኣ ኸይደ። ብዘይካ ድኻም ግን ወላ ሓንቲ ፍረ ኣይረኸብኩን። ሕጂ ብኢድካ ምምልካት ገዲፍካ ተዛረብ" በሎ። ሽዑ እቲ መምህር "ቀሩብ ጥራይ ቀጽል" ኢሉ መለሰሉ።

ሕልምታትካ ንምጭባጥ ተግባራውያን ዝኾኑ መደባት ኣውጽእ። መዓልታዊ ናብ ሸቶኻ ከብጽሑኻ ዝኽእሉ ስጉምትታት ውሰድ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኽትዕወት ኢኻ። ዕላማታትካ ወላ ኣዝዮም ዓበይቲ ይኹኑ፡ እቲ ኣብ መወዳእታ ክትጭብጦ እትደሊ ኣብ ሓንጎልካ ስኢልካዮ እንተተበጊስካን ብቐጻሊ ናብኡ ከብጽሑኻ ዝኽእሉ ስጉምታትን ትወስድ እንተኾይንካ ክትዕወት ግድን እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ህይወት መሰናኽላት ከጓንፉ ንቡር እዩ። ናይ ተጻዋርነት ዓቕምኻ ኣብዚ እዩ ዝምዘን። ተጻዋርነትካ ትሑት እንተኾይኑ ኢድካ ክትህብን ከተቋርጽን ኢኻ። ልዑል እንተኾይኑ ግን ክሳዕ እትዕወት ከይተሓለልካ ጻዕርኻ ትቕጽል።

***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣድሪስ ሳልሕ ጀቢብ፡ ሓወይ ማሓሙድ ሳልሕ ጀዲብ ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ምስ ኣዴና ፋጥማ ማሓሙድ ማሓመድ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/0426 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

እሙና ሃደለ ተኽለሚካኤል፡ ኣቦይ ሃደለ ተኽለሚካኤል ወልደጋብር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኢብራሂም መሓመድ ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ ኢብራሂም መሓመድዓብደላ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/ሰብ/ዕዳ መብራህቱ ሃደለ ስምረት፡ ኣስመላሽ ሃደለ ስምረት፡ ኣስቴር ሃደለ ስምረት፡ ሳሚኤል ሰለሙን ሃደሉ፡ ቴድሮስ ሰለሙን ሃደሉ፡ ቸቹ ሰለሙን ሃደሉ፡ ኤልሳ የውሃንስ ሃደሉ፡ ብፍ/በ/ መሳል ወረ/ፍ ሃደለ ስምረትን ኾ/ት ሰንበቱ ዘርኣን፡ ወ/ሮ የርዳኖስ የውሃንስ ሃደለ፣ ናይ ፈጻሚ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ን30/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጡ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ሰናይት ሰዩም ጎይትኦም 3.ህድኣት ሰዩም ጎይትኦም፡ 7.1 ሄለን ግርማይ ሰዩም 8.2 ልዋም ሰዩም ጎይትኦም፣ ብፍ/ሰብ መሳል መተሓን ሰዩም፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ዕ/ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ቀለታ ክብሮም ገብረመድህን፡ ወለድና ክብሮም ገብረመድህን ሃይለን ሃና ዘርኡ ገብረማርያምን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚልዮን እስቲፋኖስ ዑቕባጋብር ምባል ተረፉ፡ ሚሊና እስቲፋኖስ ዑቕባጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናታናኤል ኪዳነ ወልዱ ምባል ተረፉ፡ ናታናኤል ብርሃነ ኣሲያስ ዓንደጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ቤቱ ሳምሶም ዳዊት ምባል ተረፉ፡ ቤተልሄም ሳምሶም ዳዊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የውሃንስ ገብረማርያም ተስፋሚካኤል፡ ኣቦሓጎይ ተስፋሚካኤል ጎደር ሄሮኣብ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብፍ/ሰ/ዕዳ ኣለም ገ/ማርያም፡ ሄለን ርእሶም፡ ግደይ ርእሶም፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኣስጥብየ ኣብርሃ ሃብተሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኢትዮጵያ ኣብርሃ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ሉተብርሃን ሃይለሚካኤል፡ ወለደይ ሃይለሚካኤል ወልደሚካኤል ሓደገን ኣፎሚያ ተኽለ ሃማርያምን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ ሓወይ ክፍለ ሃይለሚካኤል ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ሳሚኤል መብራህቱ መሻሻ ምባል ተረፉ፡ ሳሚኤል መብራህቱም መሻሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ቀሺ ተስፋሚካኤል ክፍሉ፡ ወ/ሮ ፍዮሪ ሄሮኣብ ገብረእየሱስ፡ ስም ደቅና ምናሴ ምሕረትኣብ ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ኢሮም ተስፋሚካኤል ክፍሉ፡ ሴት ምሕረትኣብ ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ሴት ተስፋሚካኤል ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ይሕደጋ ጺጋይ ደስታ፡ ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ኣማኑኤል በርሀ ክፍሉ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣልጋሽ ጺጋይ ደስታ፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

1\. ኣቶ ልኡል ተወልደ የውሃንስ ምስ ጉት መንግስ ሰመረ፡ ስም ወድና ሚከኤለ ልኡል ተወልደ ምባል ተረፉ፡ መኽሰብ ልኡል ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሐመድ ኢብራሂም ዓሊ፡ ምባል ተረፉ፡ መሐመድ ኢብራሂም መሐመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ዓብዩራሕማን ኣደም መኣመድብታሕ ምባል ተረፉ፡ ዓብዩልራሕማን ኣዳም መሓመድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ሓሊማ ማሕሙድ መሓመድ፡ ብዓል ቤተይ ሸሪፍ ሑሴን ዓማር ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ሓደ ወድና ከኣ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ መርሃዊት ጉብረዝጊ ገረሃኣ፡ ብዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ጉብረብርሃን ድራር ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ተኽለማርያም ወልደጊብሪኤል ናይዝጊ፡ ኣቦይ ወልደጊብሪኤል ናይዝጊ ተስፉ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/04/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣማኑኤል ግደይ ምባል ተረፉ፡ ኣሚር ኣማኑኤል ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ዑዳጊ ኣቶ ኢብራሂም በሽር ኢብራሂም፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ከባቢ 06 ዝርከብ፡ ስፍሓቱ 19 ብ 16.50= 313.50 ት/ሜ፡ ክልተ መደቀሲ ክፍሊ ምስ ብራንዳ ዘለዎ ፕሎት 148 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ 6BRKN000024/0 ብስም መርየም ኣሕመድ ዑመር ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለዝዓደግዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኢብራሂም በሽር ኢብራሂም

---

ብስም ወ/ሮ ብርኽቲ መብራህቱ ዓንደብርሃን +2 (ብውክልና) ዝተመዝገበ ንግዳዊ ትካል፡ ብቑ/ፍቓድ ንግዲ ASR00021512 ቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00020165 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ደንከል ቁ/ገዛ 20 ዝርከብ እንዳ ቀምቃማይን መሕጸቢ ስውኣት (ባኞ)ን ብውህብቶ ስለዝተዋህበኒ፡ ናብ ስመይ ክሰግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን እዚ ንግዳዊ ትካል ናብ ስመይ ክሰግሮ ምዃነይ እሕብር።

ኣለም ተኽሰተ ተወልደብርሃን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ኣስመራ፡ ዚፕ 1A753፡ ጎደና 753-5 ቁ.ገዛ 15፡ ፕሎት 19፡ ፓርሰል B ስፍሓት መሬት 251 ት/ሜ ዓይነት ገዛ G+1 ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM013852/0 ብስመይን ብስም ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣዜብ ዑቕበ ገብረደሃንስን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ንወድና ኣቶ ጆናታን ኣብርሃም ተስፋሚካኤል ብህያብ ስለ ዝሃብናዮ፡ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ኣብርሃም ተስፋሚካኤል ሃብተጽዮን

---

ኣነ ኣብርሀት ተኽለማርያም ተኽሉ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ብመለለዩ ቁ/ንብረት 1:008009 ኣብ ምም/ዕዳጋ ሓሙስ፡ ን/ዞባ ኣኽርያ ፕሎት M፡ ቁ/ፓርሰል/ዞ ASP00000688፡ ፓርሰል 19 ከባቢ/ዚፕ ኮድ ኣኽርያ 1A135 ጎደና 682 ቁ/ገዛ 22 ዝርከብ፡ ብመሸጣ ውዕል መሰረት ናብ ስም ዓዳጊ ኣቶ በረኸት ገብረየውሃንስ ረታ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸኣሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣብርሀት ተኽለማርያም ተኽለ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የሳን ኣለም ኣብርሃም፡ ኣቦና ኣለም ኣብርሃም በርሀ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሓበን ሓይሉ እስቲፋኖስ ምግል ተረፉ፤ ፍትሓዊት ሓይሉ እስቲፋኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ምንያ ኪዳ መሓሙ ዓብዩና ትርንጎ ሓጎስ ገብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በርኸትኣብ ተስፉይ ወልዳይ ምግል ተረፉብርኸት ተስፉ ወላት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቅሱን የማን ኣብርሃም ምግል ተረፉ፤ ቅሱን ሽሻይ ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትፍቶ የማን ባህታ ምግል ተረፉ፤ ሳምራዊት የማን ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣልጋሽ ገብረ ተኳ፡ ብዓል ቤተይ ምሕረትኣብ ጸጋይ ካሕሳይ ስለዝተሰወኣ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጉት ኣረጋዊ ተመልሶ ምግል ተረፉ፤ ፍትሓዊት ኣረጋዊ ተመልሶ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሬድዋን መሓመድ ዓሊ ምግል ተረፉ፤ ሬድዋን መሓመድ ኣደም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣሚነ ክብሮም ገብረዝጊ፡ ኣቦይ ክብሮም ገብረዝጊ ጎብራይት፡ ወ/ሮ ሉታይ ተስፋገርግሽ ሰረቐ ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ከበቢ 05 ዞን 2 ብሎክ 66 ፓርሰልO ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ ብሀያብ ስለ ዝሃበኒ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ 1ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ በርሀ የውሃንስ ኣደይ ኣመተሚካኤል ተወልደ ኣድሓኖም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓምድ ማሕሙድ ሓምድ ምግል ተረፉሓምድ ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርየም መሓመድዓሊ እድሪስ ስም ኣደይ ሰዒዳ በኺት ዓባ ምግል ተረፉ፤ ሳዕድያ በኺት ዓባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሳ መሓመድ ዑመር ምግል ተረፉ፤ ጀምዕ መሓመድዑመር መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሲሃም መሓመድሳልሕ እድሪስ፡ ተኸሳሲ ፈይሰል ያሲን መሓመድዓሊ፣ ናይ ኣዋት ክሲ ቀሪብላካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ክፈልጥ፡፡

ሚሃድ መሓመድኪር ዓባ ምግል ተረፉ፤ እሙና መሓመድኪር ዓባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደልቃድር ኽሊፋ ዓብደላ ምግል ተረፉዛኪ ኽሊፋ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ረዳእ ተኽለማርያም ሃብቱ ምግል ተረፉ፤ ረዳእ ተኽለ ዘርእማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ሰናይት ሃብተማርያም ገ/እየሱስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሰመረ ዳዊት ሰመረ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ሉተዝጊ ሰረቀ ገብረመድህን ምግል ተረፉ፤ ኣመተይ ሰረቀ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሶፍያ ኮማይ ኣዳፅ፡ ኣደይ ሃና ጋሊ ቶሻ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ወ/ሮ ዓሻ ወሃጅ ሙሳ፡ ብዓል ቤተይ ኣኑር ኣደም ኣሕመድ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳናም ደረጋግጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓምድ ዓሊ ዑስማን ሙሳ ምግል ተረፉ፤ መሓመድ ዓሊ ዑስማን ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እድሪስ ፈረጅ እድሪስ ምግል ተረፉ፤ ማሕሙድ ፈረጅ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና እድሪስ መሓመድ ምግል ተረፉ፤ ኣምና ዓሊ በኺት መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘይኑብ ዑመር መሓመድ ምግል ተረፉ፤ ዘይኑብ ዑመር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓዋ ጁሴ ዓብደልቃድር ምግል ተረፉ፤ ሓዋ ዓብደልቃድር ድራር ኣበብከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምምምሕ/ንኡስ ዞባ ፓራዳዞ ዚፕ ኮድ 1A 129 ፕሎት 27 ፡፡ፓርሰል "D" ስፍሓቱ 176.00 ት.ሜ ተራ ገዛ ብስም ወላዲተይ ኣፍ/ሃንሱ ዘርኣጽየን ዳምር ኣብ ቤ/ጽ ካደስተር ዝተመዝገበ ህንጻ ብመለለዪ ቁ.ንብረት IBRASM018680 ብውርሲ ዝበጽሓኒ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪበ ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር፡፡

ምሕረት ኣማንኤል ኢሳቕ

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ሰምበል ፕሎት 283 ፓርሰል I ጎደና 7665-18 ስፍሓቱ 252 ት/ሜ ዝኾነ G+1 ገዛ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡004276 ብስም ሓረጉ ገብረየሱስ ተስፋይ ዝተመዝገበ ክሸጦ ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ሓረጉ ገብረየሱስ ተስፋይ

---

ኣብ ን/ዞባ ዕ/ሓመሰ ዚፕ ኮድ 1A157 ፕሎት 6 ፓርሰል "F" ጎደና 157-17 ቁ.ገዛ 55 ስፍሓቱ 107.10 ት/ሜ ዝኾነ ተራ-ገዛ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM016774 ብስም ዓቲጋ ዓሊ ቓስም ዝተመዝገበ፡ ናብ ስም ዓዳጊ ኣማኑኤል ኣልኣዛር የማነኣብ ክመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ኣማኑኤል ኣልኣዛር የማነኣብ

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛባንዳ ፕሎት 109 ፓርሰል ጎደና ስዊዘ ነር ቁ.ገዛ 22 ስፍሓት 625 ት/ሜ ዋንነቱ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 105733 መወከሲ ቁ.115416 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 44461/68260 ብስም መሓመድ ሓምድ ያሲን ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ተቐባሊቲ ህያብ ሙስጠፋ መሓመድ ሓምድ +3 ክመሓላለፍ ስለዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር፡፡

ሙስጠፋ መሓመድ

---

ኣነ ኣቶ ዑመር መሓመድሰዒድ ዓሊኑር፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ከባቢ ኣኽርያ ዞባ 8 ምምሕዳር 09 ጎደና 668 ቁጽሪ ገዛ 5 ብምዝካዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 106819 መወከሲ ቁጽሪ 104852/104853 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ ሸያጢት ወ/ሮ ራሕማ ወሃብረቢ ጣህር ስለዝዓደኹዎ፡ ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ምኳነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ዑመር መሓመድሰዒድ ዓሊኑር

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ንሓዘንና፡ ብዕርቅን ምሕረትን ክንድብሶ ኢና ወሲንና” ስድራቤት መዋቲ

ሓደጋ ወዚቢ’ዩ፣ እቲ ጉዳይ ብሰላም፡ ዕርቂን ምሕረትን ክድቅስ ከሎ ድማ፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታት መዋቲን ፈጻሚ ሓደጋን፡ ንሕልና ዘዕርፍ ፍቕርን ሕውነትን ይምስረት። ቀጺልና’ምበኣር፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ፡ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ነቕርበልኩም፦

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ መንጎ ዓዲ ጓዕደን ዓዲ ቀን ዘሎ ናይ ሓፆሳ ሜትሮ ጽርግያ’ዩ ብ29 ጥሪ 2026 ሰዓት 7፡30 ናይ ምሸት ኣጋጢሙ። መራሒ መኪና ዝነበረ ኣቶ ሓድጉ ዑቕባማርያም ኮይኑ፡ ነቲ ብዝኸለታ ናብ ዓዱ ዓዲ ንኣምን ዝጎዓዝ ዝነበረ ቀሺ መርሃዊ ኣሮን፡ ሃሪሙ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣውሪዱሉ። ቀሺ መርሃዊ በቲ ዘጋጠሞ ከቢድ ማህረምቲ፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ንምርካብ ሆስፒታል ሓሊቦት’ኳ ኣትዩ እንተ ነበረ፡ ቀልጢፉ’ዩ ዓሪፉ። ንጽባሒቱ 30 ጥሪ 2026 ከኣ ኣብ ዓዲ ንኣምን፡ ስድራቤቱ፡ ቤተሰቡን ደቂ ዓዱን ኣብ ዝተረኽብሉ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። ነቲ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር ከኣ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብ21 ሚያዝያ



ኣቶ ኣስመሮም ሃብተገርግስ

2026፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲን ቤተሰብ ክልቲኡ ስድራቤትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ።

ኣቦ’ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሓድጉ ዑቕባማርያም ተወሊዱ፡ ቤተሰቡ ኣምሪሑ’ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍ/ር ቀሺ መርሃዊ ኣሮን ቀሪቡ። ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈትዎ ቀሺ ዞርያስ ወልደሚካኤል ድማ፡ ተቓጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ስድራቤት መዋቲ፡ ኒታ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብላ ምሕረት ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብዘገር ደረጃ ዝዓበየ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ ሓቢሮም።

ቀጺሎም ነቲ ዝተፈጸመ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቶም ኣስተንቲኖም ቃሎም ዝሰመዑ ካብ ስድራቤት መዋቲ ኣቶ ዞርያስ ቀሺ መሴን ኣቶ ተወልደ ቀሺ መሴን እዮም። ንሳቶም፡ ቀሺ መርሃዊ ኣሮን፡ ፈቃር፡ ለዋህ፡ ትጉህ፡ መፍቀሪ ደቁን ሓዳሩን፡ መኽበሪ ስድራቤቱን ኣሕዋቱን ምንባሩ ጠቒሶም፡ ብኸምዚ ካብ መንጎኦም ምፍላዩ ከቢድ ሓዘን ከም ዝፈጠረሎም ገሊጾም። የግዳ፡ ኣምላኽ ዝሃወዳ ሂወት ስለ ዝወሰዳ፡ ክልቲኦም በቢቲ ዝወፈሩዎ ብሰላም ክምለሱ ሓሲቦም ካብ ገዝኦም ወጺኦም፡ ዘይትሰገር መዓልቲ ከም ዘጋጠመቶም ሓቢሮም። ሕጂ ከኣ ቀሺ መርሃዊ ብፀጋዘብ ስለዘይትመን ንኣቶ ሓድጉ ዑቕባማርያም ምሉእ ምሕረት ከም ዝገበሩሉ ገሊጾም።

ኣሕዋት መዋቲ ዝኾኑ ቀሺ ተመስገን ኣሮን፡ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ኣሮንን ኣቶ መልኣከ ኣሮንን ብወገኖም፡ “ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበን ንዕማዊኡ ከይተረፈ’ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽ’ውን ምሕረት ክንገብርን ክንዕረቕን እዩ ዝእዝዘና። ሕጂ ከኣ ሓወና ቀሺ መርሃዊ ክቕተል፡ ኣቶ ሓድጉ ዑቕባማርያም ድማ ክቕትል ኣይወፈሩን፤ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል፡ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሸኻትኩም ከኣ፡ ካብታ ቀሺ መርሃዊ ዝሞተላ ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ’ዛ ዕለት’ዚኣ ካብና ከይተፈለኹም ብዓቢእ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ገጽን ደቢሱና’ዩ። ካብዚ ዝበርከትምዎ ዝዓቢ ደበስን ምትሕያይን የለን። ፕዝዞብ ዝኑበረልካ የብሉን፣ ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ክምጽኣልካ’ውን ኣይክእልን። ካብ ፕዝዞብ ግን ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ። ምሉእ ጸጋዎት’ውን ይሃብና” ክብሉ ምሉእ ምሕረት ከም ዝገበሩ ተዛሪቦም።

ብዓልቲ ቤት መዋቲ ወ/ሮ ሃና ሃብተገርግስ ድማ፡ “ስድራቤት ወዲኣምም’የም። ምሕረት መውዳድርቲ ስለዘይብሉ፡ ኣቦ’ቲ ንሶም ዝበልዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጉድሎ የብለይን። ልክዕ’ዩ ብዓል ቤተይ ተፈልዩኒ’ዩ፣ ምስ ደቀይን ስድራቤተይን ቤተ ሰበይን መሪር ሓዘን’ዩ ተሰሚዑና። እንተኾነ፡ ንብድሕሪ ሕጂ ፍቕርን ሓገዝን ስለዝደለኹ፡ ደቀይ’ውን ዓቢዮም ኣብ ዝበጽሕ ክበጽሓልዮ ስለዝደለ፡ ምስ ደቀይን ስድራቤተይን ምሕረት ኣዚዝና ኣለና” ክትብል ገሊጻ።

ንመዋቲ በኹሪ ጓሉ ወ/ሮ ሊድያ ቀሺ መርሃዊ’ውን ከምዚ ብምባል’ያ ንኣሕዋታ ብምውካል ንወላዲኣን ነቲ ዝተፈጸመ ዕርቅን ትገልጾ - “ጥብ ክቕተል ሓድጉ ድማ ክቕትል ኣይተራኸቡን፣ ዘይትሰገር መዓልቲ ግን ኣጋጢማቶም። በዚ ከኣ ክቡር፡ ፈቃር፡ ለዋህ፡ ሕያዋይ ኣቦና፡ ብሓደጋ ተፈልዩና። የግዳ፡ ብፀጋ ሕብናትን ከሩዓትን ስለ ዘኾንና፡ ንዘልኣለም ኣብ ልብና’ዩ ዘሎ። ሕጂ ከኣ፡ ምሕረት ምግባር፡ ኣምላኽ ዝፈትዎ ሰናይ ተግባር ስለ ዝኾነ፡ ኩልና ስድራቤት ተላዚብና ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር ምውሳንና፡ ዘሐጉሰና’ዩ” ኢላ።

ኣስዒብ ኣብሎም ድማ፡ ቀሺ ጥዑምዝጊ ገብረመስቀል፡ ኣቶ ኣስመሮም ሃብተገርግሽን ኣቶ ከሰተ ካሕሳይን’የም ተዛሪቦም። ንሳቶም፡ ንቀሺ መርሃዊን ኣቶ ሓድጉን ዘይትሰገር መዓልቲ ከም ዘራኸበቶም ጠቒሶም፡ “ሰብ ኩሉ ዘይብድል ስለዘየሎ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ድማ፡ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን’ዩ፣ ምኽንያቱ፡ ጸባሕ’ውን ንሕና እንታይ ከም ዘጋጥመና ስለ ዘይንፈልጥ። ስለዚ፡ ንሕና እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ ስለ ዝኾነ፡ ፍቕሪ ከትርፍ ኢና መሪጽና። እዚ ከኣ ንኣምላኽን ንሰብን ስለ ዘሐጉስ፡ መግለጺ ክቡር ባህልናን ክብርታትናን ኮይኑ ናብ ዝቐጽል ወለዶ ንኽሰጋገር ክንደፍኣሉ ይግበኣና” ድሕሪ ምባል፡ ነፍ/ር ቀሺ መርሃዊ፡ ንብዓልቲ ቤቱ ህጻናት ቈልዑ ጉዲፋላ ከይዱ ስለ ዘሎ፡ ኣቶ ሓድጉ ዝኾነ ቈልዑ ደሆዎም ክፈልጥን ክንዲ ኣቦ ኮይኑ ሞራል ክህቦምን ተላብዮም።

ወላዲት መዋቲ ኣደይ እገዮዝርያ ገረንስአ ብወገኣን “ቀሺ መርሃዊ ለዋህ፡ ፈቃር ተቐባል ጋሻ’ዩ ነይሩ። ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ብሸፀሚ ካብና ምፍላዩ ከኣ ኣዚና ሓዚንና። ፍቓድ ጎይታ ግን ዝስገር ኣይኮነን። ኩሎም ደቀይ ከኣ ካብ ነገርን



ኣቶ ሓድጉ ዑቕባማርያም
(ፈጻሚ ሓደጋ)

ዕግርግርን ድሒኖም፡ ነዚ ጉዳይ ብመንገዲ ዕርቂ፡ ሰላምን ምሕረትን ክዛዘምዋ ምምራጾም፡ ቀሲነን ንኣምላኽ ድማ ኣመስጊነን። እዛ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሃና ሃብተገርግሽ ድማ፡ ኣምላኽ ጸጋዎት ሂቡዋ ደቃ ክተዕብዮሊ፡ ዕሊታ ነዊሕ ድራራ ሰፊሕ ይግበሮ፣ ክእለት ከኣ ይሃቦ፡ ንዓይ



ቀሺ መርሃዊ ኣሮን (መዋቲ)

ከኣ ኣምላኽ ጥዕና ሂቡ፡ ዝሞ ተሪፎም ዘለዉ ደቀይ ቀብርተይ ይግበሮም” ክብላ ገሊጸናልና።

ቀጺሎም በቲ ዝተፈጸመ ስነ-ስርዓት ዕርቂን ምሕረትን ዝተሰምዖም ሩፍታን ባህታን ቃሎም ዝሰምዑ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ’የም። ፈለማ ቀሺ ዞርያስ ወልደሚካኤል ኣብ ዘሰምዕዎ ናይ ምስጋና ቃል፡ “ሰብ ብፀጋዘብ ዘይኮነ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንሸኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኸርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ ዝዘንትእሉ መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ’ዩ። ሕጂ ከኣ ንቀሺ መርሃዊ ኣሮን መንግስተ ሰማይ፡ ንኩላትና ድማ ጸጋዎት ይሃበና” ኢሎም።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቦይ ቃልኣብ ኣብርሃም ብወገኖም፡ “ሂወት ልዕሊ ኩሉ ክብርቲ’ያ፣ በቲ ዘይተሓሰበ ሓደጋ ግና ሂወት ቀሺ መርሃዊ ኣሮን ወድና ሓሊፉ፣ ኩልና ስድራቤታት ድማ ኣዚና ጉሂና። ኣምላኽ ግን ኣቦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድምን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ‘ካቦኹም እንደልዮ ነገር የለን፣ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን’ዩ’ ኢልኩም፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾነ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትንብሩ ክንብረኩም’ዩ” ክብሉ ገሊጾም።

ኣቶ ጸጋይ ገብረመስቀል’ውን ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኮይኑ፡ ብዝዕበ’ቲ ፍጻመ ዕርቂ ከምዚ ክብል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ - “ብሰንኪ’ቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣዚና ኢና ሰንቢድናን ጉሂናን። የግዳ፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክትዛዘምዎ ምውሳንኩም፡ ንኹሉ ሰማዒ ዘሐጉስን ሕልናዊ ሩፍታ ዝፈጥርን ስለ ዝኾነ፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ኑዩም ተሪፎም ዘለዉ ደቂ ቀሺ መርሃዊ ከኣ፡ ክንድ ሽሕ ይግበሮም” ኢሉ።

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሓድጉ ዑቕባማርያም ተወሊዱ፡ ስለቲ ኣብ ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገብረሉ ምሕረት፡ “ምስ ቀሺ መርሃዊ ኣሮን ዘጋጠመና ሓደጋ፡ ካብ ሕልናይ ዘይሃስስ ከቢድ ነገር’ዩ። የግዳ ስድራቤት እንዳ ኣቦይ ኣሮን ቀሺ ዓንደማርያምን ስድራቤት እንዳ ኣቦይ ሃብተገርግስ ክፍለንክኤልን ካብ ጸቡቕን ፍሕሸውን ኣቀባብሎኦም ጀሚርካ፡ ከምዚ ጌሮም ሕድገትን ምሕረትን ስለ ዝገበሩለይ፡ ንውዕለቶም መግለጺ የብሉን፣ ጸጋኦም ካብ ፈጣሪ ይርከቦም፣ ኣብ ጸቡቕም



ቀሺ ተመስገን ኣሮን

ድማ የውዕለኒ። ንደቂ ቀሺ መርሃዊ ኣሮን ድማ፡ ከም ደቀይ ርእየ ደሆዎም ክንዕብርን ክከታተሎምን’የ፣ ኣምላኽ ከኣ ሓይልን ጸጋይን ይሃበኒ” ክብል ምስጋናኡ ኣሰሚዑ።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ንኣምን ወ/ሮ ወይኒ ቦኽረጽዮን ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ ተረኺባ ኣብ ዘሰምዓቶ ቃል፡ እዚ ብስድራቤት ነፍ/ር ቀሺ መርሃዊ ኣሮን ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ መርኣያ ክቡር ባህልናን ክብርታትናን ኮይኑ፡ ምሕረትን ፍቕርን ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ ምዃኑ ዘጽርን ክርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ዝፈጥርን ከም ዝኾነ ጠቒሳ፡ እዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን ኣዘኻኺራ።

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ከም መግለጺ ፍቕሮምን ሕውነቶምን ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ተቛዲሶም፡ ብምስጋና ተፈላልዮም።



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ



ስድራቤት መዋቲ

# ባና ትምህርቲ

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ዓምዲ

ኣሮን ተኽለ

## ወልፊ ሞባይል

ኣብ'ዚ ምዕቡል እዋን ዘመነ-ሓበሬታ፣ 85% መንእሰያት ውሉፋት ናይ ሞባይልን ተለቪዥንን ክኾኑ ከለዉ 15% ከኣ ማእከላይ ገምጋም ኣጠቓቕማ ሞባይል ዝርድኡ እዮም። ካብ'ዞም 85% ውሉፋት መንእሰያት፣ ካብ'ቲ ኣብ ዘይዕድመኦም ዝረኣይዎ ዘፍርሕን ዘሕፍር ጸዩፍ ተግባራትን ሓሸሽን ዝተመረዙ ብዙሓት ይርከብዎም።

ስለዚ ወለዲ እቲ ዝለዓለ ሓላፍነት ናይ መጻኢ ውላዶም ክስከሙ ይግባእ። ወለድን መምህራንን ብዝበለጸ ኣልያ ንትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ኣብ ኣጠቓቕማ ሞባይል ከማእዝንዎም ዘለዎም ሓላፍነት ዝለዓለ እዩ። ይኹን እምበር፣ ኑብሱ ዘይኣሊ ንኻልእ ክኣሊ ስለዘይክእል፣ ኣብ ኣጠቓቕማ መራኸቢ ብዙሃን ንሕና'ኸ ውሕሉላት ዲና፧



### ከመይ ገይርና ንደቅና ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ክብ ክብሉ ንሕግዞም፧

ኣብ ትምህርቶም ዘለዎም ተገዳስነትን ውሕሉል ኣጠቓቕማ ሞባይልን ከመሓይሹ ዝኽእሉ መንገድታት ንምጥቃስ፦

1. እኹል ኣፍልጦ ኣጠቓቕማ ሞባይል ምህላው።
2. ኣብ ሞባይል፣ ኣብ ክንዲ ቪድዮ መጽሓፍ ምጽዓን።
3. ኣብ ክንዲ ደርፊ፣ ትምህርታዊ ሓዘል ኣስተምህሮ ምርኣይ።
4. ንቘልዑ ሞባይል ዘይምሃብ።

ወልፊ መራኸቢ ብዙሃን ብፍላይ ሞባይል ኣዝዩ ሓደገኛ ካብ ኮነ፣ መምህራን ኮነ ወለዲ ንተመሃሮ ምንቃሕ የድሊ።

---


### ናይ ስምዒት ህዋሳት ብንያም ገብረኪዳን

ወዲ ሰብ ሓሙሽተ ናይ ስምዒት ህዋሳት ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ ዓይኒ፣ እዝኒ፣ መልሓስ፣ ኣፍንጫን ቆርበትን ይብሃሉ። ኩሎም ከኣ ነናቶም ኣገዳሲ ስራሕን ዕማማትን ኣለዎም። ዓይኒ ንመርኣዪ፣ እዝኒ ንመስምዒ፣ መልሓስ ንመስተማቐሪ፣ ኣፍንጫ ንመሸተቲን ቆርበት ንመዳህሰሲ ይጠቕሙና።

---

## ዓይኒ

ዓይኒ ሰለስተ ግዳማዊ ክፋላት ኣለዋ። ንሳቶም ከኣ ሽፋሽፍቲ ዓይኒ፣ ከበሮ ዓይኒን ቀርኒብ ዓይኒን ይበሃሉ።



ሽፋሽፍቲ ዓይኒ

ከበሮ ዓይኒ

ቀርኒብ ዓይኒ

1. ሽፋሽፍቲ ፦ ካብ ርእስናን ግንባርናን ዝወርድ ርሃጽን ሓመድን ይከላኸል።
2. ከበሮ ዓይኒ ፦ ቋሕ-ሰም ብምባል ናብ ዓይንና ዓበይቲ ነገራት፣ መንገፍን ደሮናን ከይኣትወና ይከላኸለልና።
3. ቀርኒብ ዓይኒ ፦ ኣብ ጫፍ ዓይንና ዝርከብ ጸጉሪ ኮይኑ መንገፍን ደቀቕቲ ነገራትን ኣብ ዓይንና ከይኣትዉ ቀርቂሩ ይሕዞም።

### ላዛ ህጻናት

ቀደም ሕምባሻ ከሎ ከምኒ
 ዕላል ኣቦን ወድን
ቈልዓ፦ ኣቦ ቀደም ሕምባሻ ከሎ እምኒ፣ ዝጠሚ ሰብ ነይሩ'ዶ፧
ኣቦ፦ እወ! ክንደይ'ባ ነይሮም። ሕጂስ ዓሌቶም ኣለዉ'ን'ዶ።
ቈልዓ፦ እዋእ! ከመይ ዝበሉ፧
ኣቦ፦ ማይ ከሎ ዘይሕጸቡ
 ዕንጨይቲ ከሎ ሓዊ ዝሰእኑ
 ቤት ትምህርቲ ከሎ ዘይምሃሩ
 ክታበት ከሎ ዘይሕከሙ።
 ምስ ጉልቡቶም ከለዉ ዝህከዩ።

---

### ግድላት

(ቁጽሪ 2ይ-ክፋል)
ብንያም ገብረኪዳን

1. ሃደለ ሰለስተ ቈልዑ ኣለውዎ። ኣቤል፣ ናትናኤል፣ ሄርሜላ ይብሃሉ። ንኹሎም ናይ ክዳኖም መግዝኢ 500 ናቕፋ ሒዙ ወጺኡ። ናይ ኣቤል 130 ናቕፋ፣ ናይ ሄርሜላ 165 ናቕፋ፣ ናይ ናትናኤል ከኣ 105 ናቕፋ ዋግኡ ዝኣለዎም። ጠቕላላ ክንደይ ናቕፋ ወጺኡ፧ ማልሰ'ከ ክንደይ ኣለዎ፧
2. ሳዕድያ ኣብ ሓዳሽ ዓመት 200 ናቕፋ ናይ ሉቺ፣ 650 ናቕፋ ናይ ኣስቤዛ 450 ናቕፋ መዛወሪ የድልያ ኢሉ። ጠቕላላ ክንደይ ናቕፋ የድልያ፧

### ኣባዝሕ

| | |
|---|---|
| ካብ ሓርማዝ - ሓልዮት | 1. ሃካይ = ________ |
| ካብ ገመል - ጽንዓት | 2. ጓሳ = ________ |
| ካብ ነብሪ - ተዓጻጻፍነት | 3. ሰብኣይ = ________ |
| ካብ ኣድጊ - ድሉውነት | 4. ጎቦ = ________ |
| ካብ ዶልፊን - ውህደት | 5. ገባራይ = ________ |
| ካብ ከልቢ - እምነት | 6. ጻዕዳ = ________ |
| ካብ ድሙ - ጽፈት | 7. ዒሉ = ________ |
| ካብ ንስሪ - ትኹረት | 8. ሽቃላይ = ________ |
| ካብ ርግቢት - ለውሃት | 9. ገዚፍ = ________ |
| ካብ ንህቢ - ሕብረት | 10. ቈልዓ = ________ |
| ካብ ሳሬት - ብልሓት | 11. ኩሊት = ________ |
| ካብ ጻጸ - ሓርኮትኮት | 12. ለባም = ________ |
| …ተመሃር | 13. ብዕራይ =________ |

---

### ታሪኽና ንዳህስስ (ማሕበራዊ ትምህርቲ 3ይ-ክፍሊ)

ሓቀኛ ናይ ዝሓለፈ ፍጻመታት ዘጽንዕ ዓውዲ፣ ታሪኽ ይብሃል። ኣብ ሓቂ ዘይተመርኮሰ ብቤላቤሎውን መዘናግዕን ዝመሓላለፍ ግን ጽውጽዋይ ይብሃል። ታሪኽ ብዝተፈላለየ ክመሓላለፍ ይኽእል። ብኣፍ፣ ብጽሑፍ፣ ብንብረት፣ ብኣሰራርሓ ገዛውቲ … ወዘተ። ብኣፍ ዝመሓላለፍ ታሪኽ ኣፈ-ታሪኽ ይብሃል።

ፆምንጪ ሓበሬታ ታሪኽ

1.ቀዳማይ ፆምንጪ ሓበሬታ ታሪኽ፦ ተሳተፍቲ ናይቲ ፍጻመ።
2 . ካልኣይ ፆምንጪ ሓበሬታ ታሪኽ፦ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ታሪኽ።
3.ሳልሳይ ፆምንጪ ሓበሬታ ታሪኽ፦ መሳርሒታት ኣጽዋር፣ ካይላን ፍርስራስ ኣባይትን።

### ዋዛ

**ዓይኒ ዘይብሉ ጣይታ**

ኣብ ግዜ ምሳሕ፣ ሓንቲ ሰበይቲ ንብዓል ቤታ እንጌራ ትቕርበሉ'ሞ፣ እቲ እንጌራ ደስ ዘዩብል ዓይኒ ዘይብሉ ጣይታ ዝኹኖ ወዮ ሰብኣይ፣
 "እንታይ ድኣሉ ዓይኒ ዘይብሉ እንጌራ ትቕርብለይ?" እናጓዕባዕበ ይሓታ። ወያ ሰበይቲ ትቕብል ኣቢላ፣
 "ብልዐ'ምበር ምርሑ'ዶ ኢሉኩም'ዩ! ተውሳኺትለይ'ዶ.."
ኢላ ብዓጸፊታ ኩድብደብ እናበለት መለሰትሉ።

### ብሉጽ ተመሃራይ መን'ዩ፧

ተመሃራይን ወለድን

1. ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸይድን ክመጽእን ብትሕትና ዝጕዓዝ።
2. ንወለዱ ምእዙዝን ወለዱ ከሐጉስ ዝጽዕርን።
3. ወለዱ ዝበልዎ ምኽርን ማዕዳን ዝሰምዕን ኣብ ግዜኡ ዘተግብርን።
4. ወላዲኡ ድልየቱ ገዲፉ ንውላዱ ክብል ዋጋ ከምዝኸፍል ዝርዳእን ጻማ ወለዱ ክኸፍል ዝምነን።
5. ንወለዱ እሙንን ሓቀኛን ዝኾውን።
6. ንዝኾነ ካብኡ ንዝዓቢ ዘኽብርን ከም ወለዱ ዝርእን።
7. ኣብ ክፍሊ ዝተባህሎ ናብ ወለዱ ዘመሓላልፍ።
8. ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝተዋህቦ ዕዮታትን ፈተናታትን ኣብ ግዜኡ ዝሰርሕን ውጽኢቱ ንስድርኡ ዘርእን።
9. ኣብ ናይ ገዛ ስራሕ ዝሳተፍን ዓቕሙ ዝፈቕዶ ዝሕግዝን።
10. ኣብ ትርፊ ግዜኡ ናብ ዝኾነ ቦታ ክወጽእ ከሎ ንወለዱ ዘፍቅድ።

### ብሂላት ብንያም ገብረኪዳን

* ሓደ ሰብ ሕጉስ ዘይኩነሉ ምኽንያት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለዝጽብ እዩ።
*ንነብስኻ እመና፣ ፍተዋ ካባኻ ንላዕሊ ንነብስኻ ዝፈትወልካ ሰብ ስለዘየለ።

### ጥቕስታት

* ጸሓፍቲ፣ ደረስትን መጽሓፍትን ዘይብላ ሃገር፣ ክብራ ዝተገፈት እያ።
ደ.ኣሚቼስ

እቶም ለባማት'ሲ ካብ ጸላእቶምን ተጻዮምን ከይተረፈ ብዙሕ እዮም ዝመሃሩ።
ኣርስቶፍነስ

ሓበሬታ
ዝኽበርኩም ተኸታተልትና፣ ክትሳተፉን ርእይቶኹም ክትህቡናን ብኽብሪ ንዕድም።
ኣድራሻና- ሚኒስትሪ ትምህርቲ፦ ክ/ትም/ንዓበይትን ሚድያን፦
ተሌፎን 114991
Po.Box- 609 lay-out
Abiel menghis

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ካበይ ናበይ፧

## ካልኣይ ክፋል

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ፡ "ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ካበይ ናበይ" ብዝብል ናብኹም እንበሎ ዘለና ጽሑፍ፡ ንሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ኣመሰራርታ ናይቲ ትካል፡ ዕላማ ምቛሙን ራእይታቱን ወዘተ ዘንጸባርቕ ምስ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ኩባንያ ኣቶ ዑቕቢት ባህታ፡ ኣቦ መንበር ቦርድ ናይ'ቲ ትካል ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋጊብርኤል (ባሻይ) ከምኡ ድማ ንኣስታት 8 ዓመት ኣካያዲት ስራሕ ቦርድ ብምዃን ዘገልገለትን እተገልግል ዘላን፡ ገዲም ተጋዳሊት ፍረወይኒ ይግዛው ቃል መሕተት ኣካይድና ዘዳለናዮ ጽሑፍ ብኽፋል ምቕራብና ይዝከር፣ መቐጸልታኡ ይስዕብ፡፡

ኣቃውማ ምምሕዳራዊ ቅርጺ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ቦርድ፡ ኣካያዲ ስራሕ ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ትሕቲ እዚኦም ከኣ ክፍሊ ኦፐረሽን ክፍሊ



ኣቶ ዑቕቢት ባህታ

ጋራዥ (ተኽዚን)፡ ምምሕዳርን ፋይናንስ ኣለው፡፡ ክፍሊ ተኽዚን፡ ባትሳሚራ፡ ኤሌክትሪክ ጎማስታ፡ ፖምፒስታን ኑዩዲን ይሓቁፍ፡፡ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ድማ፡ እንዳ ትኬት፡ ተሓዚ ገንዘብ፡ ስርዓት ምቁጽጻር ኣታውን ወጻኢን ገንዘብ ወዘተ ይሓቁፍ፡፡ እዚ ቅርጻዊ ኣገባብ'ዚ እቲ ኩባንያ ዝምርሓሉ ዘሎ እዩ፡፡ መጻኢ ስእሉ ኣብ ምምዳራዊ ኣገባብኡ ብኣርባዕተ ክፍልታት - ክፍሊ ምምሕዳር፡ ምምሕዳር መካይን፡ ጋራዥ፡ ከምኡ ድማ ምውፋር መካይን ብዝብል ቁይሙ ንጥፈታቱ ብዝሓየለ ክቕጽሎ'ዩ ዘሎ መደብ፡፡

ዕማም ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ኣብ መጐዓዝያ ዝተደረተ ንጥፈት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብቲ ንህዝቢ ዝህቦ ኣገልግሎት ዝረኽቦ መኽሰብ ድማ፡ ዝዕቆሙ ኣባላት ብርኪ፡ ብጽሒቶም ኣብ ምኽፋል ዓሊሙ ጥራይ ዘጥፍ ንግዳዊ ትካል ዝማስሉና፡ ብዙሓ እቲ ትካል ኣፍልጦ ዘይብልና ብዙሓት ኣለና፡፡ እንተኾነ እቲ ትካል ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ልዑል ግደ ክህቡ ዝኽእሉ ብዙሓት ራእታት ከተግብር ዓሊሙ ዝተበገሰ ምዃኑ ግን ምርዳእ የድሊ፡፡ ንሱ ካብ ብዙሓት መደባቱ ኣብነት ዝኾኑን ንምጥቃስ፡

ኣብ ፈለማ ማለት ግዜ ደላን ኣብ ዝበረሉ፡ ኣብ ግዜኡ ድማ ዕወት ስራሕ ዘስርሐ'ሞ፡ ከም ወጽኢቱ እቲ ትካል ጸቡቕ መኽሰባዊ ኸጋስ ከኻዕቡት ዝኽእሉ ፍቓድ ንግዲ'ውን ስለ ዘለዎ፡ ካብ ደገ ፈኖን ለቢቶን ዝኣማስሉ ኣቑሑ ከእቱ ጀሚሩ ነይሩ'ዩ፡፡ በዚ መሰረት እቲ ትካል፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት፥

- ኣብ ዝኾነ ዓይነት ኣገልግሎት ህዝባዊ መጐዓዝያ፡፡
- ኣብ ዝኾነ ዓይነት ኣገልግሎት ምግዕዓዝ ኣቑሑ፡፡
- ኣብ ዕድግን መሸጣን ኩሉ ዓይነት መቓያየሪ ኣቑሑት፡፡
- ንተሽከርከርቲ ኣገልግሎት ጽገናን ምትዕርራይን ምሃብ፡፡
- ኣብ ዝኾነ ዓይነት ንግዲ፡ ምምጻእን ምልኣኽን ኮሚሽን ኤጀንት፡ ናይ ጅምላ መሸጣ፡ ምክፍፋልን ብንጹል ምሻጥን ምስታፍ ዝኽእሎ ፍቓድ ኣለዎ፡፡

እቲ ትካል ነዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ንግዳዊ ዕላማ ንምውቃዕ ድማ፡ ብመሰረት ሕጋጋት መመሰረቲ ሕጊን ወሸጣዊ መተሓዳደሪ ሕጊታቱን፡

- ቀንዲ ውዕል፡ ንኣሰ ውዕልን ስወር ሸርክነትን ምምስራት፡፡
- ወኪል ኮይኑ ወይ ዝኾነ ዝስዕቡ ከም ወኪልቲ ጊዩሩ ንግዳዊ ንጥፈት ምክያድ፡፡
- ብርኽታት ብምውሃብ ወፍሪ ምክያድ፡ ምስ ካልኦት ማሕበር ምጽንባር፡፡
- ኣብ ባንክ ንግዳዊ ሕሳብ ከፊቱ ምንቅስቓስ፡ ገንዘብ ንኻልእ ብምልቃሕን ንዞእ ርእሱ ልቓሕ ኣብ ምውሳድን ምንጣፍ፡፡
- ገንዘብ ከንቀሳቕስ፡ ክቕበል፡ ክሲጋገር፡ ገንዘብ ክኽፍል፡ ዕድጊ ክፍጽም፡ ክሸይጥ፡ ንተሸረፍቲ ሰነዳት ትውግት ከካይድ፡ ናይ መብጽዓ ሰነድ ክኸትም፡ ቦርድ ክዕድግን ክሸይጥን፡ ብርኽታት ክዕድግ፡ ናይ መብጽዓ ኣቕሑ (በል ኦፍ ሌዲንግ) ንግዲ ከጣጥፍን ካልእ ተመሳሳሊ ንግዲ ከካይድን ስልጣን ይህልዎ፡፡

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ነዞም ዝተዘርዘሩ ዕድላት ተጠቂሙ፡ ምስ ዘለዎ ዓቕሚ ክሰርሮ ኣይክኣል'ምበር፡ ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ክትግበሮ ዝኽእል፡ መሰረሒ ጽገናታት መካይን ከካይድ'ውን ፍቓድ ኣለዎ፡፡ ምስዚ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ፡ ኣይሰለጠን'ምበር፡ ሓደ ካብ መደባት ናይቲ ትካል ዝበረ፡ ምዝርጋሕ ኣገልግሎት መጐዓዝያ ናብ መላእ ሃገር'ዩ ነይሩ፡፡ ዝ ንምትግባር ክሰበ'ቲ ዝረሓቕ ከበባታት ክሳብ ብዓል ዓሰብ ኣብ ወሽጢ ሃገር፡ ኣብ ጉረቤት ሃገር ድማ ክሳብ ኢትዮጵያ ዝዝርጋሕ ኣገልግሎት መጐዓዝያ ንምሃብ ዕላማን መደብን ነይሩዎ'ዩ፡፡ እዚ ኩሉ ንኸይካውን ግን ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ዝተገልጸ ዘጋጠሞ ከቢድ ክሳራን ምስኡን ምስ ኩነታትን ተቛሚዱ ዝግለጽ ክሳብ ሕጂ ዘይሰለጠ ዘሎ'ዩ፡፡

181 ኣባላት ሓቑፉ ኣብ 1996 ዝተመስረተ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ካብዚኣም ብመሰዋእቲ ዝተፈልዩ ኣባላት ኣለው፡፡ ኣባልነቶምን ዝውንንዎ ብርኪን ከም ዘለዎ ናብ ስድራ ሰወእ ክመሓላለፍ ቅዋሙ ስለ ዘፍቅድ ድማ፡ ተረኪቡቲ ሕጋውያን ወረስቲ ምዃኖም ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሰነድ ሒዞም ናብቲ ትካል ብምቕራብ ይጸድቀሎም፡፡ ካብኡ ንደሓር ተኻፈልቲ ጻጋ ናይቲ ትካል ኮይኖም ይቕጽሉ፡፡ ምስዚ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ፡ ዝኾነ ይኹን ብዓል ብርኪ፡ ብርኩ ክሸይጥ፡ ክልውጥ፡ ወይ ከመሓላልፍ ቅዋም ትካል ኣየፍቅደሉን እዩ፡፡ መሰረትቲ ኣባላት ሓደሽ ኣባል ብዓል ብርኪ ክኣቱ ወይ ከሰናብቱ ስልጣን የብሎምን፡፡ ንትካል ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ጉዳይ፡ ውዕል፡ ስምምዕ ወዘተ ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ ክትግበር ኣይፍቀድን፡፡

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ከምዝተጠቕሰ፡ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ኣብ ቅንያት ፈስቲቫል ንጋድያን ተሳፈርቲ ፈስቲቫል ዝህቦ ኣገልግሎት ዝምልከት'ዩ፡፡ እቲ ትካል ክሳብ ሕላፍ ሰዓት ንተገልገልቲ ዝህቦ ኣገልግሎት ከመይ ይጥመት ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ሰብ ኣብ ክንዲ 20 ናቕፋ እናኸፈለ ዝጓዓዝ ከምቲ ብመዓልቲ ዝህቦ ኣገልግሎት 2 ናቕፋ ብምኽፋል፡ ከይተጸቓቐጠን ከይተሸገረን ክጓዓዝ ብምሕሳብ፡ ንዕማቡቱ'ምበር፡ ብዓይኒ ንግዲ መኽሰብ ጠሚቱ ዝሰርሓሉ ከምዘይኮነ'ዩም እቶም ዘረራርብናዮም ኣባላት ናይቲ ትካል ዝሕብሩ፡፡ እዚ ከኣ ንኣታዊታት ናይቲ ትካል ብኣሉታ ካብ ዝጸልው ንጥፈታት ሓደ ምዃኑ ድማ'ዩም እቶም ወሃብቲ ዝገልጹ፡፡

እንተኾነ እቲ ትካል ካብ መኽሰባዊ ገዝኡ ንህዝቢ ዝህቦ ኣገልግሎት ዝያዳ ዕጋበት ስለዝፈጥረሉ ከም ሃሲያ ኣይርእዮን፡፡ ኣብዚ ክበርህ ዘለዎ ነጥቢ ግን ኣሎ፡፡ ንሱ ኸኣ እቲ ትካል ን10ታት ዓመታት ዝሰደ ንሚኒስትሪ መጐዓዝያን መራኸቢታትን ሕቶ ኣቕሪቡሉ መልሲ ዘይረኸበሉ ዝቕጽል ዘሎ፡ እተን ሚኒባሳት ኣብ ሰዓታት ምሸት ንህዝቢ ዝህባኦ ኣገልግሎት እዩ፡፡ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ሰዓት ከኣ ህዝቢ ናብ ገዛኡ ዝኣትወሉ'ምበር ክዘናጋዕ ኢሉ ንደገ ዘወጽኣሉ ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ እተን ሚኒባሳት ካብ ኤክስፖ ሰብ ኣሳፊረን ናብ መስመረን ተጓዒዘን ኣራጊፈን ዳግማይ ክጽዕና ክምለሳ እንከለዋ፡ ጥራሐን እየን ዝምለሳ፡፡ እዚ ከኣ ንቲ ኩባንያ ክሳራ'ዩ፡፡ እየም ኣብቲ ስራሕ ተዋፊሮም ዝሓድሩ ካብ ኣውቲስታ ጀሚርካ፡ ፈቶሪኖን ካልኦትን ወሲኽካ ኣባላት ናይቲ ትካል፡ ኣቦል እናተኸፍሎም ዝሰርሑ'ዮም፡፡ ዝ ከማልእ እቲ ትካል ብዙሕ ገንዘቡ'ዩ ዘወጽእ፡፡ ንግዳዊ ትካል ከኣ ክኸስብ'ምበር ክኸስር ኣይደልን'ዩ፡፡ ሕጊ ከኽበር ስለ ዘለዎ ከኡ ንመምርሒ ሚኒስትሪ መጐዓዝያ ኣኽቢሩ እቲ ኩባንያ እዚ ዝተጠቕሰ ንጋድያን ዝህቦ ኣገልግሎት በቲ መዓልታዊ ዝኽፍልዎ መጠን ታሪፍ 2 ናቕፋ ጥራይ ብምኽፋል፡ 10ታት ዓመታት ኮይኑ ብኸምኡ ይቕጽሎ ኣሎ፡፡ ስለዚ፡ ሚኒስትሪ መጐዓዝያን መራኸቢታትን ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምጉእ ተረዲኦ፡ እቲ ትካል ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ብኸስራ ጥራይ ኣብ ክንዲ ዘገልግል፡ ተገልገልቲ መጠን ዝኸፍልዎ ታሪፍ ካብ 2 ናቕፋ ናብ 4 ናቕፋ ክብ ኩብል ክፍቅድ'ዩ ምሕጽንታ ናይቲ ኩባንያ፡፡

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ብ181 ዝተጣየሱ ተጋደልቲ ዝቖመ ብሕታዊ ትካል ምዃኑ ርኢና፡፡ ማሕበር - ማሕበር ኮይኑ ስርዓቱን ኣገባቡን ሓልዩ ክቕጽል ድማ፡ ኣባል መሰላቱን ግቡኣቱን ብንጹር ዘፈልጠሉ ሕጋጋት ወይ ቅዋም ክህልዎ ዝግባእ ስለዝኾነ፡ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ዝምረሓሉ ቅዋም ኣለዎ፡፡

ኣባላት ናይቲ ኩባንያ ኣብ መላእ ሃገር ተዘርጊሖም ዝነብሩ'ዮም፡፡ ብመሰረት ሕጊ ቅዋም ትካሎም ዓመታዊ ሓደ ግዜ እናተራኸቡ፡ ንድኽምን ሓያል ጐድኒን ትካሎም ይግምግሙ፡፡ ብመሰረት ቅዋም ናይቲ ትካል፡ ዕድመ ሓንቲ ዝተመርጸት ቦርድ 3 ዓመት እዩ፡፡ ኣባላት ቦርድ ኣብ ስራሕ ብምቕራሕ ዘይከነ ብሓብር'የም ዝሰርሑ፡፡ 'ኣቦ መንበር'የ፡ ጸሓፊ'የ' ኢልካ ከምዝተወጸኣ የለን፡፡ ኣቦ መንበር ቦርድን ጸሓፊኡን ብማዕረ ዝፈልጥዎ ስራሕ ከምዝሰርሑ'ዩ ዝግበር፡፡ ኣቦ መንበር፡ ጸሓፊ ዘይፈልጦ፡ ጸሓፊ ድማ ኣቦ መንበር ዘይፈልጦ ኣይሰርሕን፡፡

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ዓመታዊ ካብ ዘካይዶ ኣኼባ ወጻኢ ህጹጽ ፍታሕ ዝጠልብ ኩነት ወይ ጉዳይ ምስ ዘጋጥም፡ ቦርድ ተኣኪባ ነቲ ዘጋጠመ ጉዳይ ብምርኣይ ውሳኔ ትህበሉ፡፡ ቦርድ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ተራኺባ እወታውን ኣሉታውን ወጽኢት ናይቲ ትካል ዝሰደ ንጥፈታት ብምግምጋም፡ ክእረሙ ዝግብኦም እናኣለየት፡ ቅኑዕ መንገዲ ንምትሓዝ ትጽዕት፡፡ እዚ ከምዚ እናኾነ ኣባላት ብርኪ ዝኾና ደቀንስትዮ ሰራሕተኛታት ናይቲ ኩባንያ እውን ስለዘለዋ፡ ወርሓዊ ወይ ኣብ ክልተ ወርሒ ኣኼባ ብምግባር ከም ወሃንቲ ብርኪ መጠን እቲ ትካል ዝሰደ ንጥፈታት ርእዩቶ ክህባሉ ይሕተታ፡፡ ቦርድ ምስተን ኣባላት ብርኪ ሰራሕተኛታትን እትገብሮ ኣኼባን



ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋጊብርኤል (ባሻይ)



ተጋዳሊት ፍረወይኒ ይግዛው

ካብኦን እትረኽቦ ሓሳባትን ድማ ብዛዕባ መንገዲ'ያ ትርእዮ፡፡ ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ምስራሕ፡ ኣብቲ ትካል ዘጋጥም ጉድለታት ኣብ ምንካይ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገብርን ነቲ ትካል ካብ ዳግማይ ውድቀት ከድሕኖ ዝኽእል ሜላ ምዃኑን ድማ'ዩ ዝኣመን፡፡

ኣብ ኣገልግሎት መረረ ኮነ መገሻ ክህሉ ባህርያዊ እዩ፡፡ "ኣብዚ መዳይ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ንዝህቦ ኣገልግሎት ተገልጋሊ ብኸመይ ይግለጾ፧ ካብ ተገልገልቲ ዝመጽእ ኣመሓያሺ ሓሳባት ብኸመይ ይትግበሮ፧" ንዝብል፡ እቲ ትካል ቡቡእዎ ካብ ተገልገልቲ ርእይቶ ኮነ ምስጋና ይበጽሖ'ዩ፡፡ ካብዚ እቲ ዝሰፍሐ ክፋሉ፡ ግደ ናይቲ ትካል ካብን ናብን ኣብ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ዝግበር መጐዓዝያ ህዝቢ እወታዊ ኮይኑ ዝንኣድን ዝምጎስን ርእይቶ'ዩ፡፡

ንኣብነት፡ ብማሕበር ወሃንቲ ታክሲ ብእወታ ዝግለጽ ዘኹርዕ ባህሊ እናኾነ ዝሰይድ፡ ናብ ዋናታቱ ዝምለስ ንብረት ማእለያ የብሉን፡፡ እዚ ድማ ብረደኦ ድምጺ ፖሊስ ኤርትራ ወግሐ ጸቢሐ እንሰምዖን እንከታተሎን እዩ፡፡ ብወገን ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ'ኸ፡ ነዚ ንጹውነት ባህሊ ህዝብና ዝገልጽ ቅዱስ ያታ ብኸመይ ደሰርሖ፧" ንዝብል፡ እቲ ማሕበር ወሃንቲ ታክሲ ዝኽተልዎ ኣገባብ ከምዝኽተልን ኣብ ሚኒባስ ዝተረስዐ ንብረት ተጓዒዙ ብመንገዲ ቤት ጽሕፈቱ ኣቢሉ ናብ ዋናታቱ ከምዝርከበን ድማ'ዩ እቲ ዘረኸብናዮ ሓበሬታ ዘረድኦ፡፡



ሚኒባሳት ህዝባዊ መጐዓዝያ ገመል

ይቕጽል...

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዋንጫ ናጽነት ቅድድም ብሽክለታ ደቀምሓረ ቀጺሉ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኤርትራ ዓመታዊ ዝቐድድ ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንሳልሳይ ሰሙኑ ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዳ ኩርሶ ሳሚኤል ዘርኡ ብ25 ነጥቢ ይመርሕ ኣሎ፣ ሱሌማን ዓብዱ ብ19 ነጥቢ፡ ናህም ሓጎስ ብ17 ነጥቢ ይስዕብዎ።

ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን፡ ሰረቀ ፍስሃየ 28 ነጥቢ፡ ሰም የዕበዮ 20 ነጥቢ፡ መረሕ ብርሃነ 20 ነጥቢ፣ ካልኣይ ዲቪዥን ናሆ ተኪኤ 38 ነጥቢ፡ ሄኖስ ዘርኡ 26 ነጥቢ፡ ዘመን ፍስሃየ 21 ነጥቢ፣ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣርሴማ ፍስሃየ 30 ነጥቢ፡ ሶሰና ዓንደብርሃን 16 ነጥቢ፡ ዘቢብ ሚካኤል 11 ነጥቢ ኣኪቦም ደረጃኦም ሒዞም ኣለዉ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ህጻናት 'ሀ' ዊር ተስፋኣለም 17 ነጥቢ፡ ናህ የናስ 14 ነጥቢ፡ ናቤል ግዛኢ 12 ነጥቢ፣ ህጻናት 'ለ' ሊዮስ ኣብርሃም 18 ነጥቢ፡ ናታን መሓሪ 16 ነጥቢ፡ ኤሽን ግርማይ 14 ነጥቢ ኣዋህሊሎም ምህላዎም፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።



## ማእከል - ኩዕሶ መርበብ ብምኽንያት በዓል ናጽነት . . .

ንጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥንን ዘሳትፍ ዘሎ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰንበት'ውን ሰለስተ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ጸወታታት ኣሰላሲሉ።

ኣብ ደቂ ኣሰንትዮ፡ ፈስቲቫል ንጉሰ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ሳሊና ንድያእ ብዘመሳሰለ 2-0 ሰዒረንኦ።

ናይቲ ዕለት ሳልሳይቲ ጸወታ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ሳሊናን ዲያንን ዘራኸበት ነይራ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ርኡይ ምምሕያሽን ለውጥን ተርእዩ ዘላ ሳሊና፡ ኣብ ቀዳመይቲ ሴት 25-12 ሰዒራ። ኣብ ካልኣይ ክፋል ጸወታ፡ ጸቕጢ ዝዘበራበረት ዲያእ ዝመጣጠን ብቕዓት ብምዝርጋሕ ንሳሊና 25-23 ሰዒራታ። 1-1 ብምዃን ናብ መፈላለዩ ሴት ኣብ ዘምርሓሉ ከኣ፡ ብኣማኡኤል ሃብተጊዮርጊስ እትሰልጥን ሳሊና ዓብላልነት ብምርኣይ 15-06 ሰዒራ፡ 2-1 ተዓዊታ። ተጻወትቲ ብስራት ተወልደ፡ ኣዝዜብ ተስፋይን ራኢ ገብረሂወትን ካብ ሳሊና፡ መናል ኣስረዳ፡ ኤልዳና ፌልሞንን ደሊና መርሃዊን ካብ ድያእ ብሉጽ ጸወታ ኣርእዮም።

## ዋንጫ ዓለም - ኣፍም ዝሸፈኑ ቀይሕ ካርድ . . .

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ተጻወትቲ ንመጋጥምቶም ኣብ ዝዛረብሉ እዋን ኣፎም እንተሸፊኖም፡ ቀይሕ ካርድ ክወሃቦም ከምዝኽእል ተገሊጹ።

እዚ ሓዱሽ ሕጊ፡ ድሕሪቲ ኣከፋፋሊ በፊካ ጂያንሉካ ፕረስቲያኒ ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ንኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ቪንሰየስ ጁንየር፡ ኣፉ ብምልያኡ ሸፊኑ ዝተዛረቦ እዩ ዝተኣታቶ ዘሎ። ቪንሰዩስ እቲ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ዓሌታዊ ጸርፊ ከምዝጸረፎ እዩ ከሲሱ። ወላኳ ፕረስቲያኒ ዓሌታዊ ጸርፊ ከምዘይጸረፎ እንተገለጸ፡ ብሆሞፎብክ ቃል (ምስ ሓደ ጾታ ዝተኣሳሰር) ግና ሽዱሽተ ግጥማት ክቕጻዕ ከምዝተወሰነሉ ይዝከር።

"ክትሓብኦ ትደልዮ ነገር እንተዘይሃልዩካ፡ ንምንታይ ኣፍካ ትሸፍኖ" ዝበለ ፕረዚደንት ፊፋ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ፡ "ዝኾነ ተጻዋታይ ኣፉ ሸፊኑ ዝኾነ ነገር እንተኢሉ፡ ዓሌታዊ ሳዕቤን ኣለዎ፣ ስለዚ ክብረር ኣለዎ።" ብምባል፡ እዚ ጉዳይ ሸለል ኢሎም ከምዘይሓልፍዎ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ዓለምለኻዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ተኣኪቡ ዝተዛተየሉ ጉዳይ፡ ተጻወትቲ ንውሳኔ ዳኛ ብምቅዋም ሜዳ ገዲፎም ምስ ዝወጹ፡ ቀይሕ ካርድ ክወሃቦም ይኽእል እዩ። እዚ ሓዱሽ ሕጊ፡ ድሕሪቲ ሞሮኮን ሴኔጋልን ዘተራኸብሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ተጻወትቲ ሴኔጋል ሜዳ ገዲፎም ዝወጹሉ ኣገራሚ ፍጻመ እዩ ዝሰዓበ ዘሎ።



እዚ ክልተኡ ሓዱሽ ሕጊ ኩሉ ሳዕለዋይ ተጻዋቲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክተኣታቶ ኣጽዲቕዎ ምህላዉ ይግለጽ።

11 ሰነ ዝጅመርን ኣብ ሰለስተ ሃገራት - ካናዳ፡ ኣመሪካን መክሲኮን ዝሰላሰልን ዋንጫ ዓለም 2026፡ ንፈለማ ግዜ 48 ሃገራት ሒዙ እዩ ክካየድ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ናይ ቅድም ዓላሚ ባርሴሎና - ዣቪ ሀርናንደዝ፡ ኣብ 2023 ንሊዮኔል መሲ ናብቲ ክለብ ክምለስ ከምዝፈተነን ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ከምዝዘራረቦን ገሊጹ። ወላኳ ኩሉ ነገራት ተወዲኡ ድሉው እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግና፡ ፕረዚደንት ናይታ ክለብ ክዋን ላፖርታ 'ኣይፋል' ብምባሉ፡ እቲ ማስርሕ ከምዝተቋረጸ ገሊጹ።

መሲ፡ ኣብ ክረምቲ 2021 ካብ ትጸቢት ወጻኢ ካብቲ ን17 ዓመታት ዝወከሎ ክለብ ብናጻ ተፋንዩ ናብ ፒኤስጂ ምስግጋሩ ይዝከር።



* ንመጋጥምቱ ተጻዋታይ ኢዱ ዓሚኹ ዝተሳሀሎ ሓላዊ ልዳት ሪያል ዛራጎዛ - እስተባን ኣንድራዳ፡ 13 ግጥማት ከይጻወት ተቐጺዑ።

ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ክለባት ስጳኛ ዝኾና ዛራጎዛን ሁየስካን ሰንበት ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ እዩ እዚ ሓላዊ ማዕጾ ኣብዚ ተረፉ ዘላ ወቕቲ ዳግማይ ናብ ሜዳ ዘይመልሶ በደል ፈጺሙ።

* ማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ከምዝተረኽቦ ንዝተገለጸ ዩክሬናዊ ኣጥቃዓይ ቸልሲ - ሚኪሃሎ ሙድሪክ ብወግዒ ንኣርባዕተ ዓመታት ቀጺዕዎ።

ሙድሪክ ጠበቓ ቀጺሩ ኣብቲ ንስፖርታዊ ጉዳያት ዝዳኒ ቤት ፍርዲ ይግባይ ኢሉ ኣሎ። ሙድሪክ ሰሪዚ ጉዳይ ካብ ታሕሳስ 2024 ጀሚሩ ካብ ጸወታ ተኣልዩ እዩ ዝርከብ።

ቸልሲ፡ ንሙድሪክ ኣብ ጥሪ 2023 - 88 ሚልዮን ፓውንድ ከፊላ ካብታ ብዚጎቶ ዝበረት ኣርሰናል መንጢላ ከምዝዓደገቶ ይዝከር።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዋንጫ ናጽነት ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል**

ኣሊታሕረር - ደንደን 1፡30 ድ.ቀ

ኣዱሊስ - ቀይሕ ባሕሪ 3፡30 ድ.ቀ

**ሊግ ኤውሮጳ ፍርቂ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ**

ኖቲንግሃም - ኣስቶን ቪላ 10፡00 ድ.ቀ

ብራጋ - ፍሪያቡርግ 10፡00 ድ.ቀ

## ሳልሳይ መድረኽ ዙር በኒን

ዙር በኒን፡ ትማሊ ሳልሳይ መድረኽ ኣብ ዘሰላሰለ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ባይክ ኤይድ - ዩኤል ሃብተኣብ፡ ካልኣይ ኣትዩ።

ኣብዚ ዓብይ ጉዳለ ንዝተመደበ 155.7 ኪሎሜተር ብ3 ሰዓት፡ 45 ደቒቕን 35 ካልኢትን ዝዛዘሙ መድረኽ፡ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ - ናድጂብ ኣሳል ቀዳማይ ኣትዩ። ዩኤልን ኣልጀሪያዊ ኣሰ ሪያሂን እግሪ እግሩ ኣትዮም።

ብተመሳሳሊ ግዜ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ዝሓዝዎ ደረጃ ከኣ፡ ንፍታሌም ኤፍሬም ሻውዓይ ክኣቱ እንከሎ፡ ሚሮን ምስጋና፡ ያፊት ሙልጌታ፡ ናታን መድሃኔ ኬሽን ተኽለማርያምን ህያብ ሃብቶምን ብተኸታታሊ መበል 14፡ 15፡ 25፡ 33ን 54ን ኣትዮም።

ንሰለስተአን ማልያታት - ናይ ግዜ ነጥቢን መንእሰያትን፡ ኣባል ባይክ ኤይድ - ክሪስቲያንስ በስሆቮስኪ ሒዚወን ኣሎ። ብጋንታ ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ ትመርሕ ኣላ፣ ኤርትራ፡ 2 ደቒቕን 6 ካልኢትን ድሒራ ሓምሻይቲ ትርከብ።

ሎሚ 169.8 ኪሎሜተር ሽፈኑ ክውዕል እዩ - እዚ ውድድር።

## ፖጋቻ፡ ንሴክሳስ ይውድስ

ናይዚ እዋን ዓንተር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም - ታደይ ፖጋቻ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ብሉጽ ብቕዓት ዝርኣየ ዘሎ ፖል ሴክሳስ ወዲሶዎ።



ፖጋቻ ሴክሳስ

ሴክሳስ፡ ገና ወዲ 19 ዓመት እንከሎ ዘርኣዮ ዘሎ መሳጢ ብቕዓት፡ ልዑል ቆላሕታ ክረክብ ኣኽኢልዎ ኣሎ። ኣብዘ ዓመት ጥራይ፡ ኣብ ስጳኛ ሽዱሽተ መድረኽ ኣብ ዝሸፈነ ኢትዙሊያ ባስኪ ካንትሪ፡ ንስሙያት ተቐዳደምቲ በሊጹ ንኣርባዕተአን ማልያታት (ናይ ግዜ፡ ነጥቢ፡ ዓቐብን ናይ መንእሰያትን) ብምእታው፡ ታሪኽ ሰሪሑ እዩ።

ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት ዘርኣዮ ዘሎ ብቕዓት'ሞ፡ ንበዓል ታደይ ፖጋቻ ክውዳደሮ ዘኽእሎ ቁመና ሃሊዩ ምህላዉ ዘርኢ እዩ። ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ኣብ 'ስትራደ ቢያንከ'፡ ድሕሪ ዕወት ታደይ ፖጋቻ ምውጻኡ ይዝከር። 22 ሚያዝያ ድማ፡ ንናይ ሓደ መዓልቲ 'ላ ፍለቸ ዋሎን' ተዓዊቱሉ።

ዝሓለፈ ሰንበት'ውን፡ ኣብ ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ናይ 'ሞኑመንት' ውድድራት ዝኾነ ሊጅ ባስቶን ሊጅ፡ ልዕሊ ማንም ተቐዳዳማይ ተወዲሱ እዩ - ወላኳ ውድድር ክዛዘም 14 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ካብ ርጉጽ ፖጋቻ እንተደሓረ፡ እቲ ስሎቬንያዊ ውድድር ክዛዘም 34 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ንዝበበሮ መጥቃዕቲ ዝተጻወሮ እንኮ ንሱ ነይሩ - ሴክሳስ፡ 45 ካልኢት ድሒሩ ኩሉ ካልኣይ ኣትዩ።

ንብቕዓት ናይዚ ተጻዋታይ ዘድነቖ ፖጋቻ፡ "ሴክሳስ ኣብዚ ዕድመ ኣብዚ ከምዚ ውድድር ክኣቱ እሞ ኾነ ምስ ዝለዓለ ደረጃ፡ ንኹሉ ሰብ ዘበራትዕ እዩ። ንሱ ከኣ ወዲ 19 ዓመት እዩ ዘሎ፣ ኣካላትና ካብ 26 ክሳብ 30 እቲ ዝበለጸ ወጽኢት እዩ ዝህብ። ስለዚ ከመይ ክኸውን እዩ ክንርእዮ ኢና። ኣብ ዝቕጽሉ ዓመታት ክንዕወት ብዝኸኣለና ክንጽዕርን ኢና - ክሳብ ንሱ ንኹሉ ሰብ ዝዕብልሎ።" ክብል ምስ ግዜ ዝያዳ ዓብላሊ ክኸውን ከምዝኽእል ኣሚቱ።

ዓቕብ ናይ ምሕኻር ዓቢ ብቕዓት ከምዘለዎ ዘርኢ ዘሎ ሴክሳስ ብወገኑ፡ "ንደረጃ ፖጋቻ ክትበጽሖ ኣዝዩ ከቢድ እዩ፣ እንተኾነ ክጽዕር እየ። ንሱ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ እዩ።" ክብል'ውን ነቲ ዝኾነ ተቐዳዳማይ ክስዕሮ ዘኸብዶ ሻምፕዮን ዓለም ኣድኒቕዎ።

## ሃገራዊት ጋንታ ኣፍጋኒስታን ናብ ኣህጉራዊ ውድድር ተመሊሳ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ኣፍጋኒስታን፡ ናብ ኣህጉራዊ ውድድር ክትምለስ ፊፋ ፈቒዱላ።

ኣፍጋኒስታን፡ ድሕሪ ታሕሳስ 2018 ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ኣይተጻወተትን ጸኒሓ። ጣሊባን ኣብ 2021 ስልጣን ናይታ ሃገር ድሕሪ ምሓዙ፡ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ እንተላይ ኣብ ስፖርት ከይሳተፋ ከልኪሉ ጸኒሑ። ከም ሳዕቤኑ፡ ብዙሓት ተጻወትቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዕቑባ ክሓታ ተቐሲበን።

ሕጂ ግና፡ ፊፋ፡ ተጻወትቲ ናይታ ሃገር ሰሪ ካብ ቀጻጽረን ወጻኢ ዝኾነ ጉዳይ ካብ ሃገራዊ ግጥማት ከምዝይከልከላ ብምሕባር፡ ወይ ከም ሃገራዊት ጋንታ ወይ ብውክልና ክምዝገባ/ክጻወታ ኣፍቂዱለን ኣሎ። ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብ ዝጅመር መጻረዪ ግጥማት ኦሎምፒክ 2028 ናብ ጸወታ ክምለሳ ድማ ትጽቢት ይግበረለን።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## “ኢራን ኣርባሒ ስጉምቲ ክትወስድ ኣለዋ” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ምስ ኣመሪካ ብምስምማዕ ‘ኣርባሒ’ ዝበሎ ስጉምቲ ክትወስድ ኣተሓሳሰበ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ ዝበሎ፡ ኣብቲ ግጭት ብቐጻሊ ደው ንምባል ዓለም ንሓያሎ መዓልታት ዝቐጸለ ጻዕርታት ኣብ ዕጹው ማዕጾ ድሕሪ ምብጻሖም፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ወሲዳቶ ዘላ ናይ ዕጸዋ ስጉምቲ ከተናውሖ ምኻና ዝገልጽ ጸብጻባት ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ድሕሪ ምግዋሐን እዩ።

ትራምፕ፡ ኢራን ኢዳ ክትህብ ንምግዳድ ኣብ ልዕሊ ወደባታ ንዝተናውሐ ዕጸዋ ክዳለዉ፡ ንወተሃደራውያን ሓይልታቱ መምርሒ ከም ዝሃበ ጋዜጣ ‘ዎል ስትሪት ጆርናል’ ንሰበ ስልጣን ኣመሪካ ብምጥቃስ ሓቢራ።



ሰበ ስልጣን ኢራን ብወገኖም፡ ሃገሮም ንሰላማውን ሲቪላውን ዕላማታት ዝቐንዐ ዩራንዩም ናይ ምህብታም መሰላ ኣመሪካ ኣፍልጦ ክትህቦ ከም ዘለዋ እዮም ዝምጉቱ ዘለው።

እቶም ሰበ ስልጣን ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ሃገሮም ኣማራጺ ንግዳዊ መስመራት ትጥቀም ብምህላዋ፡ ነቲ እገዳ ክትጻወሮ ከም እትኽእል ሓቢሮም።

በቲ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘወላዕኦ ግጭት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ ዓለምለኻዊ መስመራት ንግዲን ዕዳጋታት ጸዓትን ከኣ ኣብ ቅልውላው ተሸሚሙ ይርከብ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ብሰንኪ እቲ ኩናት ኣብ ቁጠባ ኢራን ዘውርዶ ዘሎ ከቢድ ዕንወት፡ ክብሪ ባጤራ ኢራን ትማሊ ረቡዕ ናብ ቅድሚ ሎሚ ተራእዩ ዘይፈልጥ ደረጃ ከም ዝንቆልቆለ ተገሊጹ።

## ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ካብ ‘ኦፔክ’ ትወጽእ


ንኣስታት 60 ዓመታት ኣባል ማሕበር ሃገራት ኣፍረይቲ ነዳዲ ኮይና ዝጸንሐት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣብ ዝመጽእ ግንቦት ካብቲ ጉጅለ ክትወጽእ ምኻና ኣፍሊጣ።

እታ ሃገር ኣብ ዘዘርበቶ መግለጺ፡ ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ፡ ነቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ጠለብ ጸዓት ኣብ ነዊሕ እዋን ንምምላእ ዝሕግዝ ምኻኑ ኣፍሊጣ።

እዚ ድማ ነቲ ንፍርያት ነዳዲ ዝቈጻጸር ኣብ ዓለማዊ ዋጋታት ጸዓት ዓቢ ጽልዋ ዘለዎን ማሕበር ዓቢ ሃሲያ ከም ዝኾነ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሚኒስተር ጸዓት ኢማራት ዓረብ፡ ሃገሩ ኣብ ትሕቲ እቲ ማሕበር ዝኾነ ግዴታ ዘይብላ ሃገር ምኻና ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ ዝያዳ ተዓጻጻፍነት ክፈጥረላ ምኻኑ ኣረዲኡ።

ምውጻእ ኢማራት ዓረብ ካብቲ ማሕበር፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ “ኦፔክ ንሃገራት ዓለም ይሰርቕ ኣሎ” ኢሉ ክኸስስ ዝጸንሐ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዓቢ



ዓወት ምኻኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ፡ ቅድሚ ምጅማር ኩናት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሰዑዲ ዓረብን ካልኦት ኣባላት ኦፐክን ንዋጋ ነዳዲ ከጉድላ ሓቲቱ ምንባሩ ይዝከር።

ኢማራት ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ፡ ኣብ መንጎኣን ኣመሪካን ዝያዳ ጥቡቕ ርክብ ንኽህሉ ኣፍ ደገ ዝኸፍት ምኻኑ፡ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ርእይቶኦም ይህቡ ኣለው።

ምውጻእ ሕ.ኢ.ዓረብ ካብ ኦፔክ፡ እቲ ማሕበር ኣስታት 15 ሚእታዊት ካብ ዓቕሙ ክሽስር ክገደድ ምኻኑ፤ ምስ’ቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ።

እዚ ክምዚ’ሉ እንከሎ፡ ዋጋ ነዳዲ ሕጂ’ውን ኻ ብናህሪ ይቕጽል ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ትማሊ ሰሉስ ንሓደ በርሚል ብ113 ዶላር ክሸየጥ ወዓለ።




## “መስርሕ ሰላም መንግስትን ዕጡቓት ኩርዳውያንን ብጽቡቕ ይቕጽል ኣሎ” ኤርዶጋን

ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን፡ እቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት ቱርኪ ምስ ዕጡቓት ኩርዳውያን ንምውጋድ ዓሊሙ ዝተበገሰ መስርሕ ሰላም፡ ብእወታዊ ሃዋህው ይቕጽል ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ ዝሃቦ ድሕሪ’ቲ ካብ ደገፍቲ ኩርዳውያን ኣባላት ባይቶ



ዝቐረበሉ ነቐፌታ እዩ።

ኤርዶጋን ኣብ ባይቶ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተወሰዱ ስጉምትታት፡ ነቲ መስርሕ ናብ ዝያዳ ተሃዋሲ ደረጃ ከም ዘብጽሖ ድሕሪ ምግላጹ፡ ጎደኒ ጎደኒ ምፍራስ ናይቲ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታን (ፒ.ከይ.ከይ)፡ ንሕጋዊ ጽገናታት ዘገልግል መርሓ ጎደና ዝገልጽ ጸብጻብ ኮሚሽን ባይቶ ከም ዝጸደቐ ኣረዲኡ።

ኤርዶጋን ዝ. ዝበሎ፡ ደጋፊ ሰልፊ ኩርዳውያን ዕጡቓት ዝኾነ ሰልፊ ‘ዲ.ኢ.ኤም’፡ “መንግስቲ ቱርኪ ምድንጓርን ፍርሒን ኣብ ዝመልኦ ኣገባብ ይዋሳእ ኣሎ፡ ” ክብል ድሕሪ ምኽሳሱ እዩ።

ኤርዶጋን ግን ነቲ ነቐፌታ ብምንጻግ፡ “እወታዊ ሃዋህው ኣሎ፣ እቲ ክግበር ዘለዎ ንጹር እዩ፣ እቲ መስርሕ ድማ ከም’ቲ ዝድለ ይኸይድ ኣሎ፣” ኢሉ። ወሲኹ ድማ፡ “እቶም ብዛዕባ እቲ መስርሕ ኣብ ኣሉታዊ መደምደምታ ዝበጽሑ ዘለው፡ ኣብ ምትሓል እዮም ዝዋስኡ ዘለው፡” ኢሉ።

ብቱርኪ፡ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ኣብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ዝሰፈረ ፒ.ከይ.ከይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መጥቃዕትታቱ ደው ከም ዘበለ ዝዘከር ኮይኑ፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ ለካቲት 2025 ብእሱር መራሒኡ ዓብደላ ኦቻላን ዝቐረበ ጸዋዒት ሰላም፡ ኣብ ዝቐጸለ ግንቦት ዕጥቃዊ ቃልሱ ከብቅዕ ከም ዝወሰነ ይፍለጥ።

ይኹን’ምበር፡ መንግስቲ ቱርኪ፡ ቅድሚ ተወሳኺ ሕጋዊ ወይ ፖለቲካዊ ስጉምትታት ምውሳዱ፡ እቲ ጉጅለ ዕጥቁ ምፍታሑ ክረጋገጽ ከም ዘለዎ ክገልጽ እንከሎ፡ ፖለቲከኛታት ናይቲ ሰልፊ ድማ፡ ብዘቐልጠፈ ጽገናታት ክግበር ይጽውዑ ኣለው።

እቲ ኣብ 1984 ዝጀመረ ግጭት መንግስቲ ቱርክን ዕጡቓት ኩርዳውያንን ህይወት ልዕሊ 40 ሽሕ ሰባት ዝቐዘፈ ኮይኑ፡ ኣብ ዓራቕን ሶርያን ድማ ሰፊሕ ጽልዋ ከም ዘሕደረ ይፍለጥ።

## ብሩስያዊ ቢልዮነር እትውነን ጃልባ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ሓሊፋ

ሓንቲ ምስ ሩሲያዊ በልየነር ኣሌክስ ሞርዳሾቭ ምትእስሳር ከም ዘለዋ ዝተገልጸት ዓባይ ጃልባ፡ በቲ ኣመሪካን ኢራንን ዓጽየንኦ ዘለዋ መጻብቦ ሆርሙዝ ክትሓልፍ ከም ዝኸኣለት ተፈሊጡ።

ኣሌክስ ሞርዳሾቭ፡ ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ጥቡቕ ርክብ ከም ዘለዎ እዩ ዝነገረሉ።

እታ ጃልባ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ካብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተበጊሳ ናብ ዖማን ከም ዝኣተወት’ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ’ዚ ቀረባ መዓልታት፡ ላዕለዋይ ልኡኽ ኢራን፡ ፕረዚደንት ፑቲን ምስ ዝርከቦም ሰበ ስልጣን ሩሲያ ተዘራሪቡ ምንባሩ ይዝከር።

እታ 142 ሜትሮ ቁመት ዘለዋ ‘ኖርድ’ ዝተባህለት ጃልባ፡ ዋላ’ኳ እቲ ሩሲያዊ በልየነር ብቐጥታ ዘውንና እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ ትሕቲ ብዓልቲ ቤቱ ትውንኖ ትካል ዝተመዝገበት እያ።

እታ ዋጋኣ 500 ሚልዮን ዶላር እትግመትን ሓያሎ ደርብታት ዘለዋን ክብርቲ ጃልባ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ካብ ዱባይ ተበጊሳ’ያ ናብ መስቃት - ርእሰ ከተማ ዖማን ኣትያ።

ምዕጻው ናይ’ቲ መተሓላለፊ መራኸብ ንግዲ ነዳዲን ካልእ ቀረባትን ዝኾነ መጻብቦ ሆርሙዝ፡ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ቅልውላው ፈጢሩ ከም ዝርከብ ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 30/4/26 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565